# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.251 | ቀዳም 20 ሰነ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3


ገጽ 7 ምልክታ

ገጽ 10 "ኢራብ ኢሎሚ. . .."



ገጽ 11 ስዉእ መርሃዊ ጸጋይ መንገዩ:



## ብምኽንያት 20 ሰነ፡ ንሰማእታት ኤርትራ ጸሎተ ፍትሓትን ዱዓን ተኻይዱ


ስእሊ-ክብሮም ጸሃየ


ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቃድር

ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ትማሊ 19 ሰነ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ኣብ ከተማ ኣስመራ - ቤተ-ክርስትያን ደብረ ሳህለ ቅዱስ ሚካኤል ጸጸራት - ጸሎተ ፍትሓት፣ ኣብ ሰዓታት ድሕረ-ቐትሪ ድማ ኣብ ጃምዕ ኣልኹላፋእ ኣልራሽዲን ደርስን ዱዓን ተኻይዱ።

ካብ ሰዓት 8፡00 ንግሆ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ብብጹእ ወቅዱስ ቀዳማይ ባስልዮስ 5ይ ፓትሪያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ዝተመርሐ ብጹኣን ሊቃነ ጳጳሳት፡ ሊቃውንቲ፡ ውሉደ ክህነት፡ ከምኡ’ውን ካብ ኩለን ኣድባራት ዝተመደቡ ለባሲያን ጸሎት ኣዕሪጎም።

ኣብ’ቲ መራሕቲ ሃይማኖት ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያንን ወንጌላዊት - ሉተራዊት ቤተ-ክርስትያንን ዝተሳተፍዎ መደብ፡ ብብጹእ ወቅዱስ 5ይ ፓትሪያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ - ቡራኬ፣ ብሊቃውንቲ ናይ ኩለን ኣድባራት ሃገረ ስብከት ኣስመራ ድማ ንክብሪ ሰማእታት ምልጣን በጺሑ።

ኣብ መንበረ ፓትሪያርክ ሓላፊ ስብከት ወንጌል መርጌታ ስምኦን በየነ ኣብ ዝሃብዎ ኣስተምህሮ፡ ሰማእታት - መተካእታ ዘይብላ ህይወቶም በጃ ዝኸፈሉ፡ መርኣያ ፍቕሮም ንህዝቦምን ሃገሮምን ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ እዞም ኣብ ጽላል ናጽነት ሰላም ክንተማቐር ዘለና ወገናት፡ ፍቕሮም ክንክተል ኣዘኻኺሮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ብትምህርቲ ሰንበት ናይ ዝተመደበት ደብሪ መዛሙር ምስ ቀረበ፡ እቲ ስነ-ስርዓት ብምህለላን ቡራኬን ቅዱስ ፓርያርክን ብጹኣን ኣቦታት ሊቃነ ጳጳሳትን ተዛዚሙ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ካብ ሰዓት 4፡30 ድሕረ-ቐትሪ ኣብ መስጊድ ኣልኹላፋእ ኣልራሽዲን ኣብ ዝተኻየደ መደብ፡ ብሙፍቲ ኤርትራ መውላና ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ዝተመርሐ ሶላትን ዱዓን ተኻይዱ።

ሼኽ ሳልም ኣብ ዘስመዕዎ መደረ፡ 20 ሰነ - ህይወቶም ብምብጃው ብርሃን ናጽነት ዘግዘሙናን ልኡላውነትና ዘውሓሱን ሰማእታትና እንዝከረላ መዓልቲ ሓበንን ክብረትን ከምዝኾነት ብምጥቃስ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ንስድራ ሰማእታት ክናቢን ዝከኣሎ ክሕግዞን ተላብዮም።

## ልኡኽ ቤት-ጽሕፈት ምውህሃድ ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት ሃገራት፡ ምስ ላዕለዎት ሰብ-መዚ ኤርትራ ዘትዩ

ብዳይረክተር ክፍሊ መልሰ-ግብሪ - ቤት-ጽሕፈት ምውህሃድ ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት ሃገራት (ኦቻ) ሚስ ኤደም ዎሶርኑ ዝተመርሐ ልኡኽ፡ ብ18ን 19ን ሰነ ምስ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ-መዚ መንግስቲ ኤርትራ ተራኺቡ፡ ኣብ ሽርክነታዊ ምትሕብባርን ልምዓታዊ መደባትን ዘትዩ።

እቲ ልኡኽ ብኣወሃሃዲት ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስ ናህላ ቫልጂ ተሰንዩ፡ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገብረመስቀል፡ ከምኡ’ውን ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብ’ዩ ርክባት ኣካዪዱ።

እቲ ዑደት፡ ዝምድናታት ንምሕያል፣ ሃገራዊ ልምዓታዊ ቀዳምነታትን ብድሆታቱን ንምግንዛብ፣ ጽልዋታት ክሊማዊ ለውጢ ብቐረባ ንምዕዛብ፣ ኣገባባት ሽርክነት ንምጕላሕ፣ ከምኡ’ውን ስርሒታዊ ንጥፈታት ናይ’ቲ ትካል ንምርግጋጽ ዝዓለመ’ዩ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ ከሎ፡ እቲ ልኡኽ ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡስ ዞባ ዓዲ-ተከሌዛን ቀረብ ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንምርግጋጽ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ዝተዋደደ ብጸሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕ ህዝባዊ ነቝጣ ቀረብ ማይ እምባደርሆ፣ ከምኡ’ውን ኣብ ሃገራዊ ሞደል ጥሙር ባህርያዊ ሕርሻ ኣኽርያ ዑደት ኣካዪዱ።


ስእሊ-ኣብርሃም በየ



**ሃገር ኣብ ረዚን ዝኽሪ !**

# ሃገር ኣብ ረዚን ዝኽሪ ሓበን!

20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን፡ ኑቶም ጸላም መግዛእቲ ቀንጢጦም ብርሃን ናጽነት ዘርኣይዎ ሰማእታት፡ ቀንዴል ወሊዑ፡ ንርዝነት ሞያኦም ዘድምቕ ዝተፈላለየ መደባት ኣሰናዲኡ “ስብሓት ንዓኹም!” ኢሉ መዘና ኣልቦ ፍቕሩን ምስጋናኡን ዝገልጸላ ረዛን ዕለት እያ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም፡ ዘይክኣል ዝተባህለ ምረት ጸይሮም፡ ብዘይጽዓድ ሕልና ተቓሊሶም፡ ዓለም ትሕቲ መሬት ኩተስፍሮ ዝሃቀኑት፡ ባህግን ምርጫን ህዝቦም ክዉን ዝገበሩ፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብዚ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ልኡላውነት ሃገር ከይድፈር፡ ንወረርቲ ሓምሺሾምን ትሕቲ መሬት ኣሰፊሮምን ናጽነት ሃገር ዘውሓሱን ዘደልደሉን እልፊ ኣእላፍ ብሉጻትን ሕሩያትን ዜጋታቱ ዘለዎ ኣኽብሮትን ምስጋናን መስፈሪ የብሉን። እቲ ምንታይ፡ ህላወኡ መስዋእቶም እዩ ሰሪቱ። እምብዛ ዘሐብን ሃገራዊ ታሪኽ ኤርትራውያን ድማ ብተኣምራታዊ ቅያ ስዉኣት ደቂ-ሃገር ዝተነድቀ እዩ።

ኤርትራ፡ ንስለ ክብረት ህዝቦም ኑብሶም ረሲዖም ዝብጀዉ ኣፍቀርቲ ህዝቢን ሃገርን እንተዘይህልዉዋ፡ ብመጠን ዝገጠማ ከቢድ ተጻብኦን ዓለማዊ ውዲትን፡ ቀደም ካብ ካርታ ዓለም ተሓኺኻ፡ ሰብኣዊ ክብረት ህዝባ ተቐንጢጡ፡ ኤርትራዊ መንነት ነበረ ተባሂሉ ምተረስዐ ነይሩ። እዞም ብሉጻትን ምሩጻትን ዜጋታት፡ ኩሉ ውልቃዊ ሰባዊ ባህግታትን ድሌታትን ሰዊኦም፡ ኣእምሮኣዊን ጉልበታዊን ጸዓቶም ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ እታ ዘይትትካእ ህይወቶም ንዝሓሸ ህይወት ሕብረተሰቦም ሳላ ዝወፈዩ ግዳ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነበረ ኣይተባህለን። እኳ ድኣ ካብ ባርነት ተገላጊሉ፡ ሰብኣዊ ክብረቱ ተሓልዩ፡ ብዘጠቕሙን ዘይጠቕሙን ዘይትድፈር ናጻን እተኸብረትን ሃገር ዝውንን ህዝቢ ኪኾውን በቒዑ።

ብኣዝዩ ክቡር መስዋእቲ ህላወኣ ዘረጋገጸት ሃገርና እምበኣር፡ ብመጠን ዝተኸፍላ ዋጋ፡ መሬት ረዚን ሕድሪ እያ። ሞሳ ስዉኣታ፡ ብግብሪ ንምኽፋል ተወፊያ ክትዓዪ ድማ ከቢድ ማሕላ ኣለዋ። ክንዲ ዝኾነ እዛ ክብርቲ ዕለት'ዚኣ ንሰማእታት ዘለና ኣኽብሮት፡ ፍቕርን ምስጋናን እንገልጸላ ዕለት ጥራይ ኣይኮነትን። ሞሳኦም ብተግባር ንምኽፋል ዝኣተናዮ ቃል እነሐድሰላ ዕለተ መብጽዓ እውን እያ። ሰማእታትና ህይወት ከፊሎም ህይወት ዝሰኸዑላ ሃገር፡ ንመጻእቲ ወለዶታት እተቕስን፡ ስልጥንቲ ሃገር ፍትሒን ብልጽግናን ክንምእተኸውን ናይ ምግባር ከቢድ ሕድሪን ሓላፍነትን ኣለና። ምኽንያቱ ሰማእታትና፡ እታ ሓንቲ ዘይትትካእ ህይወቶም ብዘይ ብቂ ክልግሱልና እንክለዉ፡ ብዛዕባ ሃገር ዝነበሮም ራኢይን ባህግን ኣብ ግብሪ ከምዝውዕል ፍጹም ጥርጥር ኣይነበሮምን።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ባህጊ ሰማእታቱ ብምግንዛብ ሕድሮም ኣብ ምፍጻም ዛጊት ብዘርኣዮ ትግሃት፡ እታ ዘረኩበዎ መሬት ሕድሪ ቀጻልነታ ኣብ ምውሓስ ብዘርኣዮ ዳግማይ ጅግንነት እሙን ተቐባሊ ሕድሪ ምዃኑ ኣመስኪሩ እዩ። ብሕጂ እውን ሕድሪ ሰማእታትና፡ ጸዓት ቀጻልነትናን ዕብየትናን፡ ዋሕስ ህላወናን ልምዓትናን ስለዝኾነ፡ ዕለታዊ እንውከሶ መዝገብ እዩ። ሰማእታትና ዝሓለምዋ ሃገር ብግብሪ ሃኒጽና መንፈሶም ከነቕስን እንተኾንና ድማ፡ እቲ ንሶም ዝለለዩሉ ክብርታት፡ ግድን ዘይፍለ ዕጥቅና ክንገብሮ ይግባእ። እቲ ምንታይ ብዘይብኡ እቲ ዕማም ዝከኣል ኣይኮነን። ካብ ውልቃዊ ጥቕሚ፡ ረብሓ ህዝብን ሃገርን ምቕዳም፡ ፍትወት ሓቂን ፍትሒን፡ ተወፋይነት፡ ጅግንነት፡ ጻዕረኛነት፡ ተጻዋርነት፡ ጽንዓት ኣብ መስመር፡ መለለዪ ክብርታት ሰማእታትና እዮም። እዞም ካብ ክቡራት ዘሃራት ዝምረጹ ውርሻ ሰማእታትና ከም ብሌን ዓይንና ክንሕልዎምን ክንከናኸኖምን ከኣ፡ ብኣጋጣሚ'ዛ ክብርቲ ዕለት መብጽዓና ከነሐድስ ይግባእ! ከመይሲ ግብርና እዩ ደበስ ሰማእታትና!

**ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ**

## ዜና

# ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን ተዘኪራ

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን፡ “መጕጫታትና ነለልዮም፣ ኣቓልቦ ንሃቦም፣ ነሁብትሞም” ብዝብል ቴማ፡ ብ17 ሰነ ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ብዝተኻየደ ዓውደ-ዘተ ተዘኪራ።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ግዝያዊ ሓላፊ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ኣቶ ካሕሳይ ነጋሽ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዕላማ ናይ'ቲ ዝኽሪ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን ሳዕቤናቶምን ኩብ ንምዕባል፣ ከምኡ'ውን ተሳትፎ ሕብረተሰብ ንምትብባዕ ከምዝኾነ ገሊጹ።



ብደረጃ ዓለም እናስፋሕፍሐ ዝመጽእ ዘሎ ምድረብዳት፡ ደርቅን ምድካይ መሬትን ዝገርና'ውን ስለዝጸለ፡ ኑቶም ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝርከቡ መብቈላውያን መጕጫታት ብምልላይ፡ ንምዕቃቦምን ንምህብታሞምን ተበግሶታት ክውሰድ ጀሚሩ ምህላዉ'ውን ገሊጹ።




ዝለዓ ባህርያዊ ሃብቲ ብዘላቕነት ንኺይንጥቀመሉ ዝዕንቅፉ ረቛሒታት፡ ከም ክሊማዊ ለውጢ፡ ተኸታታሊ ደርቂ፡ ምጉዳል ዓቕሚ መጕጫታት፡ ኣብ ብዝሒ ዘድሃበ ባህላዊ ኣተሓሕዛ ጥሪትን ካልኦትን ምዃኖም ዝጠቐሰ ኣቶ ካሕሳይ፡ ነዞም ብደሆታት ንምፍትሖም፡ ብኹሉ ሸነኻት ካብ ብዙሕ ኣብ ዓይነት ዘተኩረ ወሁድ ተበግሶታትን ጻዕርን ከም ዘድሊ ኣዘኪሩ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ድሕሪ ናጽነት ንዝተኻየደ ሰፊሕ መደባት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምስራሕ ከዘንቲ ማያት፡ ከምኡ'ውን ምስራሕ ሞንን ኣድሓኑት ዝምልከት ብኣሃዛት ዝተሰነየ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ኣብ'ቲ ዓውደ ዘተ፡ መብጽዓታትን ተመኩሮን ኤርትራ ኣብ ምምካት ምድረበዳነትን ደርቅን፣ መጕጫን ጉስነትን፣ ምዕቃብ ህይወታዊ ብዙሕነት ብመንጽር ስርዓት ማሕድሮ መጕጫ፣ ተራ መጋቢ እንስሳ ኣብ ሕርሻዊ ፍርያትን ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ኤርትራ፣ ኣተዓቓቕባ መጕጫ፣ ምድላው ካርታ ኣጠቓቕማ መሬት ሕርሻን ሸፋን መሬትን ብዝብሉ ኣርእስትታት መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ብክኢላታት ቀረበ።

ኣብ'ቲ ዓውደ ዘተ፡ ሓለፍትን ክኢላታትን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን፡ ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን፡ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ብርኽት ዝበሉ መሻርኽትን ማሕበራትን ተሳቲፎም ነይሮም።

# ተጋዳላይ እዮብ ሚኪኤል ተሰዊኡ



ገዲም ተጋዳላይ እዮብ ሚከኤል ገብረክርስቶስ፡ ብዝሓደሮ ሕማም ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ሕክምናዊ ክንክን ክግበረሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ12 ግንቦት ኣብ መበል 67 ዓመት ዕድሚኡ ኣብ ሃገረ ፈረንሳ ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ሰነ 1975 ናብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ እዮብ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ - ኣብ ማእከላይ ሕክምና ውድብን ተዋጊኡ ሰራዊት ብርጌድ 70ን፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ብሞያ ፋርማሲስት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ተጋዳላይ እዮብ ሚከኤል፡ ብዓል በዓል-ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ደቅን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ18 ሰነ ሰዓት 4:00 ድሕሪ-ቀትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ጥዕና ብመሰዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ እዮብ ሚከኤል ገብረክርስቶስ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን “ጽንዓት ይሃብኩም” ይብል።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

ብኣጋጣሚ 20 ሰነ ዕለተ ዝኽሪ ሰማእታት፡ ናይ ሎሚ መደብና ምስ'ዚ ረዚን ዕለት ዝሳነ መደባት ክጠቓልል'ዩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

# ሃገር፡ ኣብ ረዚን ዝኽሪ ሓበን!!












ስእሊ- ሳልሕ ዓብደልቓድር
ክብሮም ጸሃየ
ሄኖክ ተኽለገርግሽ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

# ዝኽሪ ሓበን!
## ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ

ህዝቢ ኤርትራ፡ ንተኸታተልቲ ናይ መግዛእቲ መቕሕ ሰይሩ ናጽነቱ እተጐናጸፈን ልኡላውነቱን ክብርታቱን ሓልዩ ብናጻ መስመሩ ክጐዓዝን ክኢሉ ዝርከብ፡ ብሉጻቱ ብምኽፋል እዩ። ደጋጊሙ ዝኸፈሎ ክቡር ዋጋ፡ ሎሚ ከም ህዝብን ሃገርን፡ ክብርታትና ሓሊና፡ ሃገር ምብልጻዕ ካልእ ታሪኽ ንምስራሕ ንጐዓዝ ኣለና። እዚ፡ ሳላ'ቶም ንሕናን ሃገርናን ንኽንህሉ ክቡር ህይወቶም ዝኸፈሉልና ጀጋኑ ሰዉኣትና እዩ'ሞ፡ ወትሩ ክብሪ ንሰማእታትና! ከም ተረኽብቲ ሕድሪ ጀጋኑ ድማ ብስራሕና ክድበሱ ኣብ ውሁድን ንጹርን መትከላዊ ስርሓት ልምዓት ሃገር ንርከብ ኣሎና። ሚኒስትሪ ሕርሻ ከም ኣካል ሃገራዊ ልምዓት፡ “ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!” ብዝብል መርሓ-ጉደና ይሰርሕ ከም ዘሎ ይፍለጥ። ኣብዛ ክብርቲ ዕለተ ዝኽሪ ሰማእታትና ዘሐድሶ መብጽዓ ድማ ነዚ ራእይ ምትግባር እዩ።

ሎሚ፡ ንሰማእታትና እንኸፍሎ ዝዓበየ ሞሳ እምበኣር፡ ሕድሮም ብግብሪ ምፍጻም እዩ። መትከሎምን መስመሮምን ኣጽኒዕና፡ ብልዑል ሓድነትን ስጥመትን እንሰርሓሉን እንጐዓዘሉን መርሓ ጉደና ብምቕያስ፡ ወትሩ ንልምዓት ምግስጋስ የድሊ። ኣባላት ሃማመተኤ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ እምበኣር፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ሃዋሁው ተሓቝፎም እዮም፡ ንዝኽሪ ሓበን ብዝበቅዕ ጻዕርን ውዳበን ክሰርሑ ቀንዮም።

በዚ መሰረት፡ ሓሙስ 18 ሰነ 2026፡ ኩሎም ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተሳተፉሉ፡ ካብ ንግሆ ጀሚሩ ንሰዓታት ዝቐጸለ፡ ኣብ ቀጽሪ ኣብያተ ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ማለት ኣብ ገጀረት፡ ቪላጆ ከምኡ'ውን ሓልሓለ ኩስኳስ ኣግራብ፡ ኣከባብያዊ ጽሬትን፡



ምኹዓት ጉደጉዲ ፈልስታትን ካልእ ማእቶታዊ ንጥፈታትን ተኻዪዱ። ሕልና ዘመርሖን ዝእዝዞን ስራሕ ብምኻኑ ድማ ኣብ መንፈስን ወንን ናይ ኩሎም ኣባላት ዝንበብ ትጉህነት ዘሰነዮ ነይሩ። ብቐንዱ መንእሰያት ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብመንፈስ ኢደይ-ኢድካ ካብ መፈለምታ ክሳዕ መዛዘሚ ዘርኣይዎ ተሳታፍነት ንሕልና ዘቕስን እዩ።

ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ድማ ስሩዕ መደባት ‘ዝኽሪ ሓበን’ ተኻዪዱ። ንሰሙናት ጻዕሪ ክካየደሉ ድሕሪ ምቕናይ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርህ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይቲ ሚኒስትሪ፡ ገዳይምን ሓደስትን ኣባላት ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ኣብ ቀጽሪ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት - ገጀረት - ብምትእኽኻብ፡ ሽምዓ ሰማእታት ብምብራህ ንታሪኽ፡ ውዕሎ፡ ጅግንነትን ሕድርን ሰማእታት ብዘንጸባርቑ ደርፍታት፡ ግጥምታት፡ ድራማን እተሰነየ ናይ ዝኽሪ መደባት ተኻዪዱ።



መንእሰይ ኣማኑኤል መብራህተ

ኣብቲ መደብ፡ ልዑል ጥበባዊ ዓቕሚ ዝፈሰሶም መሰናድኦታት፡ ምከና ቦታን ሕብርታት ድሕሪ ባይታን ከኣ ንመንፈስን ሃዋሁን እቲ ዕለት ቅዱው ቅኒት ኣትሒዞምዎ። ኣብቲ ንሰዓታት ዝቐጸለ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ብሓፈሻ፡ ብርክት ዝበሉ ደርፍታት፡ (ብእተፈላለየ ቋንቋታት) ግጥምታት፡ ሞኖሎግ፡ ድራማን ካልኦት መደባትን ዘጠቓለለ እዩ።

ኣብቲ ብርክት ዝበለ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ዝቐረበሉን ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ንሰማእታቱ ንምዝካር መብራህቲ ሽምዓ ዝወልዓሉን ንተሳተፍቲ ቃል ዘስምዐ፡ ኣቦ መንበር ሃማመተኤ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ መንእሰይ ኣማኑኤል መብራህቱ፡ ነቶም ናጽነት ንምምጻእ ዕድመ ንእስነቶም ዝኸፈሉን ልኡላውነት ሃገር ኣብ ምኽባር ነታ ዝኸበረትን ዘይትድገምን ህይወቶም ብምኽፋል፡ ክልተ እግርና መሊእና ረጊጽና ደው ከም እንብል ዝገበሩ ሰማእታት፡ ክብርን ሞጎስን ይብጸሓዮም ኢሉ። ቀጺሉ፡ ነቲ ዝገደፉልና ሕድርን ሓላፍነትን ብግብራዊ ስራሕ ንምኽሓሶም፡ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ብሓፈሻ፡ ተረኽብቲ ሕድሪ መንእሰያት ድማ ብፍላይ፡ ነቲ ‘ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!’ ዝብል መርሓ ጉደና ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብኣጋን ብምልኣትን ንምትግባሩ፡ ብዝሓየለ ክሰርሑ ከም ዝግብኦም ብምዝኽኻር ጻውዒቱ ኣቕሪቡ።

ብድሕሪ'ዚ፡ እተፈላለዩ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት መስርያም ሓልዮም ቀሪቦም። ንኽብሪ እዚ ዕለት ዝቐረቡ



ጣዕመ ዜማታት፡ “ሓወልቲ ልቢ” ብስነ-ጥበባዊ ፍጹም ተወልደ፡ “ኣይትሕዘኒ ኣደ ሰዉእ” ብቛንቛ ዓረብ ብድምጻዊት ሰምሃር ገብረእየሱስ፡ “ሓሬና” ብገዲም ድምጻዊ ተሰፋይ መሓሪ (ፍሒራ)፡ ደርፊ ቋንቋ ብሊን ብድምጻዊት ሳራ ተኽለሰንበት፡ “ልቢ ገዚምናካ” ብድምጻዊ ተስፍሁነይ መለስ፡ “ሓላል መስዋእቲ'ዩ” ብድምጻዊ ተስፋልደት መስፍን (ወዲ መስፍን)፡ “ሊላይ” ብድምጻዊ ተስፋስላሰ (ዓይኖመ) ነይረን። ካብ ግጥምታት ድማ “መጽሓፍ ልቢ” ብስምኦን ሓጎስ፣ “ኣሎና ኣብ መትከልካ” ብህጻናት ኣቤል ኣስመላሽን ኣርሴማ ኣስመላሽን፡ “ወቓርቲ ታሪኽ” ብወጋሕታ ክፍላይን ሰላም ኣብርሃምን፡ “ሽደን ኣኽራናት” ብሚልክያስ የማነ፡ “ክንዲ ሽሕ” ብኣድያም የማነ ተሳተፍቲ ቀሪበን። “መኣዛ ሰማእታት” ብዝብል ኣርእስቲ ዝቐረበት ድራማ ኸኣ ስዒባ ቀሪባ። ብወጋሕታ ክፍላይ ተደሪሳ ብስምኦን ሓጎስ ተጻሒፉ እተኣልየት ኩይና፡ ሓንቲ ጓል ስዉእ፡ ነቲ ኣዲኣ ዘዘንተወትላ ክቡር ታሪኽ ምርኩስ ገይራ፡ ንዘይተፈጸመ ራእይ ሰማእቲ ክትፍጽም ምንቃዳ ተርኢ እያ ነይራ።

ኣብ ኣጋ ምዝዛም ናይቲ መደብ፡ ሽምዓ ብምውላዕ ሓባራዊ ዝኽሪ ምስ ተኻየደ፡ እቲ ንሰዓታት ዝቐጸለ ‘ዝኽሪ ሓበን’፡ “ቀሰኑ ሰማእታትና” ብእትብል መትከላዊት መዝሙር፡ መንእሰያት ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ መድረኽ ብምውጻእ ደሚቑ።

ሰማእታትና ብስራሕና ይደበሱ!
ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!

***



ሽባብ
ሃማመተኤ

ዛዕባ

# ሰማእታት፡ ኣሕደርቲ ኣሽሓት!

ስምኦን ወልደሚካኤል
ሰነ 2026

ኣብ ሕብረተሰብና "ሽሕ ይሙቱ መሕደሪ ሽሕ ኣይሙቱ" ዝብል ምስላ ኣሎ። እዚ ምስላ እዚ፣ ንዋጋን ኣገዳስነትን ናይቶም ንማሕበረሰብ ዝመርሑ፡ ዝዕቅቡን ጽላል ዝኾኑን ውሑዳት ዓበይቲ ሰባት ንምግላጽ ዝተባህለ እዩ። ሕብረተሰብና "ሽሕ ይሙቱ መሕደሪ ሽሕ ኣይሙቱ" ክብል እንከሎ ነቶም ከም ዓንዲ ኩይኖም ንማሕበረሰብ ዘጽንዑ፡ መሪሕነት ዝህቡ፡ ዘተዓርቁን ተስፋ ዝዘርኡን ውሑዳት ግን ከኣ ክቡራት ሰባት ዘለዎ ኣኽብሮት ዝገልጸሉ ምስላ እዩ። ንሳቶም እንተደኣ ጠፊኦም እቲ ሕብረተሰብ ጥምረቱ ኣጥፊኡ ፋሕ ክብል'ዩ ንዝብል እምነትን ፍልስፍናን ዘንጸባርቕ ምስላ እዩ። ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ሓደ ውልቀ-ሰብ "መሕደሪ ሽሕ" ወይ "ጽላል ናይ ኣሽሓት" ክበሃል እንከሎ ልክዕ ከም ሓደ ዓቢ ገረብ ጽላል ዝኸውን፡ ጸገምን መከራን ናይ ካልኦት ንምፍታሕ ማዕጾኡን ልቡን ዝኸፍት፡ ንኻልኦት ሰላምን ርግኣትን ክህብ ዝኽእል ምስ ዝኸውን እዩ። እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ግዜ ጸገሙ ዝጽግዓሉ እምባን ዝግትሮ ዋልታን ምስ ዝኸውን እዩ። መሪሕነትን ኣንፈትን ዝህብ ምስ ዝኸውን "መሕደሪ ሽሕ" ተባሂሉ ይግለጽ።

ነዚ ምስላ'ዚ ብዓይኒ እቶም ሂወት ኣሽሓት ጥራይ ዘይኮነስ ሂወት ሚልዮናት ከሕድሩን ከኽብሩን ዝሓለፉ ሰማእታትና ክርአ ኣንከሎ ተዛማድነት ናይ ትርጉሙ ስለ ዘጥፍአ ክንግልብጦን ሓድሽ ትርጉም ክንህቦን ክንግደድ ኢና። ሰማእታትና ሂወት ሚልዮናት ክዕቀር፡ ክኽበርን ክነብርን ምእንቲ ሰብ ዘይሓርዮ ሓርዮም። እታ ምድሪ ንደቂ ምድሪ ክብሪ እትህብ፡ ንኽብሮም ከም ዝተነጽፈት ሃሪ ክትከውን ትሕቲ ምድሪ ሰፊሮም።

ሰማእታትና ክሳድ ሚልዮናት ኣቕኒዖም፡ ክብሪ ሚልዮናት መሊሶም፡ ሂወት ሚልዮናት ኣድሒኖም፡ ተስፋ ሚልዮናት ኣጉሂሮም፡ ራእይ ሚልዮናት ቀሊዖም፡ ሕልሚ ሚልዮናት ኣግሂዶም፡ ስግኣት ሚልዮናት ቀንጢጦም እዮም። ምስ ጸላኢ ተሓናኒቖም ዝሰዓሩ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ብጥይት ጸላኢ ዝተቐትሉ ተራ ጀጋኑ ኣይኮኑን። ሰማእታት፡ ሂወትን ተስፋን ብዙሓት ከድሕኑ ንድሕነት ረጊጾም ንነንብሶም ናብ ሓደጋ ዘቃልዑ ስለ ዝኾኑ ካብኦም ዝዓብን ዝኸብርን የለን።

ብመሰረት እቲ ዝጠቐስናዮ ምስላ፡ እቶም ሽሕ ሰባት ነቲ ሓደ "መሕደሪ ሽሕ" ንምድሓን ክብሉ ክሞቱ ፍቓደኛታት እዮም። ምኽንያቱ ንሱ እንተደኣ ሞይቱ እቶም ዝተረፉ ሽሕ ሰባት ጽላል ስኢኖም ፋሕ ከም ዝብሉ ስለ ዝኣመኑ። ኣብ መስዋእቲ ሰማእታትና ግን እዚ ብግልባጡ እዩ ሰሪሑ። እቲ ሓደ "መሕደሪ ሽሕ" ዝኾነ ስዉእ/ቲ እዩ ኣብ ክንዲ እቶም ኣሽሓት ክመውት ፍቓደኛ ኾይኑ። ሓደ ሓርበኛ፡ ክነብሮ ዝኽእል ዝነበረ ውልቃዊ መጻኢ፡ ስድራቤት፡ ትምህርትን ናብራን ከም መስዋእቲ ኣሕሪርዎ። እዚ ማለት ንሱ ብኣካል ይመውት፡ እቶም ኣሽሓት ግን ብህይወት ክነብሩ፡ ክቕጽሉ፡ ክሰሩ፡ ክኸብሩ፡ ጣዕሚ ሂወት ከስተማቕሩ ዕድል ይረኽቡ። ብሞት ሰማእታትና ሚልዮናት ሂወት ረኺቦም። "ሽሕ ይሙቱ መሕደሪ ሽሕ ኣይሙቱ" ዝብል ምስላ፣ ንውሑዳት መራሕቲ ወይ ዓበይቲ ሰባት ንምድሓን ክብል እቲ ተራ ሕብረተሰብ ክሰዋእ ከም ዘለዎ ዝእምት እዩ። ሰማእታትና ግን ነዚ ሓሳብ እዚ ሙሉእ ብሙሉእ ብምግልባጥ፣ "ኣነ ክሓልፍ ንስኻ ጽናሕ" ብዝብል መትከል ተሰዊኦም። "ኣነ ክሓልፍ ንስኻ ጽናሕ" ሰማእታትና ናብቲ ናይ ሞት መስመር ክሰግሩ እንክለዉ ዝበልዎ ቃል እዩ።

ሓደ ሰብ ኣብ ሕብረተሰብ "መሕደሪ ሽሕ" ተባሂሉ ኣብ ክንዳኡ ሽሕ ንኽሞቱ ዘመኒ ዝኸውን ከመይ ዝበለ እዩ? ካብ ነብሱ ሓሊፉ ንሕብረተሰብ መተካእታ ዘይብሉ ኣበርክቶ ዝገብር ማለት ዝከላኸል፡ ዝመርሕ፡ ዝመክር፡ ንዝወደቑ ዘልዕል፡ ብኽብርታት ዘጌጽ፡ ንወለዶታት ኣብነትን ኣርኣያን ምስ ዝኸውን እዩ "መሕደሪ ሽሕ" ዝበሃል። እዞም ከምዚ ዓይነት ኣበርክቶ ዘለዎም ሰባት ሃብቲ ወይ ስልጣን ክህልዎም ግድን ኣይኮነን። ነዚኦም እዩ እምበኣር ሕብረተሰብና "ሽሕ ይሙቱ መሕደሪ ሽሕ ኣይሙቱ" ኢሉ ዝመሰለሎም። እቶም ሽሕ ክጸንሑ ኣብ ክንዲ ሽሕ ዝሞቱ እንተተረኽቡ'ኸ? ምእንቲ ሽሕ ዝሞቱ "መሕደርቲ ኣሽሓት" ክይተረኽቡ ኣይወግሕን'ዩ ዝብል እዋን ክመጽእ እንከሎ "እዋን ክወግሕ ኣለዎ!" ኢሎም ዝትንስኡ መሕደርቲ ኣሽሓት ወይ መራሕቲ ምብቓሎም ኣይተርፎን እዩ።

እቶም "ሽሕ ክጸንሑ ኣብ ክንዲ ሽሕ ዝሞቱ" ግብራዊ መግለጺ መስዋእትነትን በጃ ምኳንን ዝሃቡ እዮም። ስዉእ እቲ ጥቕሚ ነብሱ ምሉእ ብምሉእ ስዒሩ ምእንቲ ህልውናን ድሕነትን እቶም "ሽሕ" ክብል ሂወቱ ንምሕላፍ ዕጅብ ዘይብሎ ጨካን እዩ። እዚ ካብቲ ተራ "መሕደሪ ሽሕ" ንላዕሊ ዝኸይድ፡ ናይ መወዳእታ ጥርዚ ናይ ፍቕሪ፡ ተወፋይነትን በጃ ምኳንን እዩ። ከምዚ ዓይነት ምንንና ዝምንን ሰብ ብኣካል'ኳ ትሕቲ ምድሪ እንተሰፈረ እቲ ዝገድፎ ኣሰር ጅግንነትን ክብርታትን ንባዕሉ ሓድሽ "መሕደሪ ሽሕ" ዝኾኑ ወለዶታት ስለ ዝወልድ ጠፊኡ ዘይጠፍእ ወትሩ ህሉው እዩ ዝኸውን።

"መሕደሪ ሽሕ" ምስ ሞተ እዩ ኩሉ ንቡር ተመሊሱ፡ ነውሪ ተቐቢሩ፡ ህይወት ድሒኑ፡ ተስፋ ተመሊሱ፡ ሕልሚ ድማ ተጋሂዱ። ቅድሚ መስዋእቶም፡ ርጉጽነት፡ ድሕነት፡ ንቡር ሂወት ኣይነበረን። እታ ምድሪ ደም ሰማእታት ቅድሚ ምቕማሳ ብስግኣት፡ ባርነት፡ ውርደት፡ ወጽዓ፡ ዝተጎብአት እያ ነይራ። እዞም መከራታት እዚኦም ብደሞም እዮም። እቶም ሓቀኛታት መሕደርቲ ኣሽሓት ምስ ወደቑ እቲ ዝደፈረና ባዕዳዊ ነውሪ ተሳዒሩን ንሓዋሩ ተቐቢሩን፣ እቲ ዝጠፈአ ሰብኣዊ መሰልናን ክብረትናን ድማ ናብ ንቡር ተመሊሱ። ስግኣት ተቐንጢጡ ድሕነትን እፎይታን ሰፊኑ። ሞቶም ንህይወት ሚልዮናት ካብ ምጥፋእ ዘድሓነ፡ ንዘነቐጸ ተስፋ ህዝቢ ዘሐደሰ ፍሉይነት ኣለዎ። እዚ ትንሳኤ እዚ ምስ ሞት "መሕደሪ ሽሕ" ዝተረኽበ ዓወት እዩ።

ሰማእታትና ካብ ተራ ምንባር ወይ ምስትንፋስ ሓሊፍና ኣብ መሬትና ክንጉይትት ኣኽኢሎምና እዮም። ንድሕሪት ተመሊስና ታሪኽና ክንፈትሽ፡ ብሕሉፍና ክንኮርዕ፡ ጸሓፍቲ ጽሕፍቶና ወይ ከኣ ወነንቲ መጻኢና ክንከውን ስለ ዝገበሩና ክብርና ኣብ ልዕሊኦም ዘልኣለማዊ እዩ። ኣብዛ ብደሞም ዝጠለለትን ዝተቐደሰትን መሬትና ሓቀኛታት ጎይቶት ርእስና ክንከውን ዝኸኣልና ሳላ እቶም ነቲ ናይ መወዳእታ ዋጋ ዝኸፈሉ መሕደርቲ ኣሽሓት እዩ።

እቶም "መሕደሪ ሽሕ" ዝኾኑ ሰማእታትና ኳሎም ወዶም፡ ዓበይቶም ንኣሽቶም "ኣነ ክሓልፍ ንስኻ ጽናሕ" ኢሎም ናጻ መሬትን ዉሑስ መጻእን ኣረኪቦምና ኣለዉ። ሰማእታትና ብደሞም ተኺሎም ዘጽደቕዎ መሕደሪ ጽላል፡ ንሕና ብፍልጠት፡ ብስራሕ፡ ብጽንዓት ክንዕቅቦ ግቡእና እዩ። ሕድሪ ሰማእታት ዕለታዊ መብጽዓ እዩ። መንእሰይ ወለዶ ናይቲ ዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ክፈልጥን ክብሪ ክህብን ኣለዎ። 'መሕደሪ ሽሕ' ብምኳን ሂወት ኣሽሓት ንምጽባቕ ከኣ ክንዕጠቕ ይግባእ።





## ንሰማእቲ

ጸላማ ቀንጢጡ ብርሃና ከሕልማ
ሕቖኡ ሂቡዋ ዓለም ብዓለማ።
ሓንቲስ ከርኢ'ምበር ክርኢ'ኳ 'ይበለ
መስኮት ህላወና ብርሃን ዘቐበለ።

ብፍቕሪ ቀበጻ ንእስነቱ
ብፍቕሪ ቀበጾም ስድራቤቱ
ብፍቕሪ ቀበጾም 'ቶም ደቃቱ
ኣብ መሬት ተሰትየ ንኽብረቱ።

በጃ ሰብ ዝኸደ ኣብ ልቢ ሰብ ሓደረ
ኣትሪፍናካ 'ብሉዎ "ሓሊፈ" 'ናበለ
ለካ ኣይሓልፍን'ዩ ንሱ ንሕልፈት የሕልፉ
ኣብ ሃልሃልታ ቀይሙ ንሞት የሰንፉ።

ሓቂ ኢለ እንተ ዘሚረ ንሱ'የ ኣነ
ሓቂ ኢለ እንተ ነቒለ ንሱ'የ ኣነ
ሓቂ ኢለ እንተ ደኺመ ንሱ'የ ኣነ
ዝደሓረ 'ብሉ ዝቐደመ
ሓደ ኣምሳል ኢና ብፍቕሪ ንቃነ።

ግርማይ ኣብርሃም

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኺ - ሳምራዊት ሞለስ

## *VACANCY ANNOUNCEMENT*

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**CIL Operations Superintendent**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 Years)**

**Major Duties and responsibilities**

- Ensure design and construction of the CIL gold circuit aligns with best practice in terms of operability, safety and environmental compliance.
- The role will report directly to the Project Manager during the project execution phase with functional report to the Process Manager and later report directly to the Process Manager during operations.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

**Project Phase:**

- Ensure all designs and installations meet environmental, health, and safety regulations, particularly regarding cyanide handling and management.
- Work with other project engineers to refine process flow diagrams (PFDs) and piping and instrumentation diagrams (P&IDs).
- Perform Hazard and Operability Studies (HAZOP) and Process Failure Mode and Effects Analysis (PFMEA).
- Working with all other engineering discipline, ensuring all project packages are technically fit for purpose from a process engineering perspective and meet the statutory requirements.
- Report on project process engineering technical scope performance against the baseline plan and stated benefits of the project.
- Identify the process engineering deliverables, based on the scope agreed by the Project Manager, and use these as a basis to assist in the provision of project estimates and project execution plan.
- Responsible for providing engineering support to the project manager to ensure that the project will deliver the required benefits and is fit for purpose. Review and approve 3rd party process engineering content as required.
- Responsible for ensuring that all process engineering technical scope change is agreed with the project manager prior to implementation through the life of the project.

**Operations Phase:**

- Driving a positive safety and work culture within the team through delivery of Safety, Health & Environmental management plan.
- Ensuring safe operational compliance with the plant operating strategy, developed in conjunction with the technical team.
- Effective management of the tailing's storage facilities and the site water balance, to ensure operational and environmental compliance.
- Operational readiness and commissioning of new projects, including flotation regrind project and grinding/flotation automation.
- Play an integral role in shutdown planning and preparation to ensure safe and efficient shutdown management.
- Contribute to incident investigations, fatal risk management, and driving safety initiatives consistently.
- Training and development of the national workforce through front-line supervisory training and reinstating the competency assessment program.
- Identifying and executing improvement initiatives focused on safety, volume, and cost, through Operational Excellence program.
- Providing coverage for the Processing Manager as required.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Degree in Chemical Engineering or Metallurgical Engineering. |
| Working Experience – Nature & Length | • A minimum of 10 years' experience in a CIL operational capacity.<br>• Experience managing complex mineral processing plants. |
| Technical Skills | • Ability to manage activities on or ahead of schedule and on or below budget.<br>• Ability to manage weekly and daily meetings to ensure scope of work is coordinated.<br>• Ability to interact with and manage contractor, subcontractors and staff to carry out required tasks.<br>• Ability to prepare and deliver oral and written minutes and reports on a weekly and monthly basis.<br>• Excellent communication and interpersonal skills. |
| Behavioral Skills | • The ability to inspire, motivate and clearly communicate the company's vision and mission to subordinates is a must. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite Period( 2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ይግባይ በሃለ/ት የማነብርሃን ክፍለየሱስ ደሃብ ሰመረ ወልደጋብር ኣብ መንጎ ተኸራኸርቲ ወፍት ዘሎ ናይ ገዝዘብ ክርክር ብዝምልከት፡ እዚ ጉዳይ ብይግባይ ደረአ ስለዘሎ፡ መ/ወዝቢት ኣድራሻኺ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/37 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቃ እምባደርሆ

ልኡያ ሙልጌታ ዓንደምካኤል ምግባል ተረፉ፡ ሶሊያና ሙልጌታ ዓንደምካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ብፍ/ብ/ዕዳ ነጋሲ ዕቑባርግስ ተወልዩ፡ ብፍ/በ/ማስል ሃይለማርያም ተስፋማርያም፡ ናይ ፈጸሚ ጉዳይ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣብርሃጼን ጉብረገርግስ በዩን ብዓልቤተይ ተኸለ ብርሃ ካሕሳይ ስለዝዋረፊ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ሂወት በርሀ እምባዩ፡ ብዓልቤተይ የውሃንስ መሓሪ ጉብረእየሱስ ስለዝተሰወኣ፡ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቃስን ንብረት ኣነ ምስ 3 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ኣልማዝ ሃብቱ ኣስገዶም ምግባል ተረፉ፡ ኣልማዝ ሃብተ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ የርዳኖስ ኣብርሃም፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ጓለይ ሰላት ጉብረእግዚኣብሄር ሃብተማርያም ምግባል ተረፉ፡ ሰላት ሳምኤል ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ዓሊ መሓመድ መሓመድእድሪስ ምግባል ተረፉ፡ ዓሊ መሓመድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



### ምስጋና

ብዕረፍቲ እኽቕፍራ ኣዴና ወ/ሮ ለተስላሴ ግራ/ ጎይትኣም ርእሶም፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ እምባዩቶ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐጽልና እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ደቃን ምሉኣት ስድራ-ቤትን



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣዴና ኣዝመራ በርሀ ተማኑ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ካብ ጎድና ዘይተፈለኹም፡ ክሳብ ዓዲ ንፋስ ብምፍራድ ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐጽልና እናበልና ልባዊ ምስጋና ነቕርብ።

ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ለተብርሃን ጉብረስላሴ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሓዙሓዝ ዘቃበርኩምናን ብቴሌፎን ካብ ወሽጥን ወጻእን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ደቃን ምሉኣት ስድራ-ቤትን



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና ፍቕርቲ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ኣብርሀት መኮንን ወልደስላሴ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝተመላለስኩም፡ ዝደወልኩም ከምኡ'ውን ዘቃበርኩምናን ብኣካልን ብዝተፈላለየ መንገድን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ደቂን ምስ ምሉእ ስድራቤት


## ሓጋዚት መጽሓፍ

**ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ (ክፍልታት 9-12)**

**Comprehensive Mathematics**

**Grade 9-12**

- Algebra
- Geometry

ኣብ ውሽጢ 544 ገጻት ንኣልጀብራን ጂኦሜትሪን ሰፊሕን ዓሚቝን ሽፈን እትህብ ዓባይን ብልጽቲን መጽሓፍ!!

## ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ✓ መግለጺ ኣምራት ኣልጀብራን ጂኦሜትሪን
- ✓ ብናህ ኣብነታት
- ✓ ስእላዊ መረዳእታታት
- ✓ መሃርቲ ሰሌዳታት
- ✓ ዝተዓየዩ ሕቶታትን ግድላትን
- ✓ ዝተፈትሑ ማትሪክ-መሰል ግድላት
- ✓ መዘንቲ መላመዲታት
- ✓ መልሲ መላመዲታት

**ኣብ ኣብያተ መሸጣ መጻሕፍቲ ትረኽብዎ**

**ንዝያዳ ሓበሬታ**

07142402 / 07461121




### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እኑፍቅሮ ሓውና ዶ/ር ሃብትኣብ ተከኤ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ገዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩሞ፡ ምስ ዓረፈ'ውን ዓደንነዳ ንእሲ ዞባ ሰረጀቃ ብምፍራድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ተኻፊልኩም ሓዘንና ዝኾንኩምን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብ ፈተውቱን ኣዕሩኽቱን ከምኡ'ውን ንኣልጅ ንገድን ስለ ቐጠብኩም ዓዲ ቀደሕ የቐጽልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከምዝየጸና ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እኑፍቅሮ ኣቦና መም/ ሙብራህቱ ክፍለማርያም ቀላቲ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ዝተመላለስኩምናን ክሳብ ጉራዕ ብምፍራድ ዘቃበርኩምናን ከምኡ'ውን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከም ዝየጸና ንገልጽ።


ምሉእ ስድራቤት



### ምስጋና

ብመስዋእቲ ዘፍቅራ ክብርቲ ብዓልቲቤተይ ጉዳም ተጋ/ተለንተ ሓርነት ሃብተሚካኤል ሓጎስ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐጽልና እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ብዓልቤታ መጀር በርሀ ኣርኣያ (መምህር)
ምስ ስድራ-ቤት ነፍ/ሃብተሚካኤል ሓጎስ (ኣጥገራይ)



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዴና ወ/ሮ ጉዳም ብሉታ ኣብርሃም ዑ/ ጉብሬኤል፡ ሓዘንና እናገለጽና፡ ክሳብ ሃዚጋ ኬድኩም ዘቃበርኩምናን፡ ብኣካል ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናኩምናን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ንገልጽ።

ስድራቤት ነ/ሄር ግራ/ ጉብራይ ማለስ



### ምስጋና

ብምኽንያት ኣዝዩ ዘፍቅራን ዘኽብራን ክብርቲ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣብርሀት ብርሃ መኮንን፡ ካብ ግዜ ሕማማ ክሳብ ዕረፍታ ካብ ጎና ከይተፈለኹም ሬሳ ናብ ኤርትራ ኣብ ምፍናው ዝተሓባበርኩምና ክብርቲ ሲያትልን ከባቢኣን ከምኡ'ውን ሬሳ ተቐቢልኩም ክሳብ ኣግደር ብምፍራድ ዘቃበርኩምና፣ ብኣካልን ብቴሌፎንን ኣብ ገዛ እናተመላለስኩም ዘጸናናዕኩምና ፈተውትን መቕርብን ቤተሰብን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ብዓል ቤታ ኣቶ ብእምነት መንግስቱ ተስፋማርያም
ምስ ደቀይን ምሉኣት ስድራቤትን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## Zara Mining Share Company — Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Articulated Dump Truck Operators** |
| **Number required** | **11** |
| **Location:** | **Based at Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | **UG Mine Supervisor** |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | **Operating truck to transport materials to and from underground mine site** |
| **Duties & function:** | • Operating the dump truck to transport materials to and from the work site.<br>• Communicating with other workers and professionals to coordinate material transportation and placement.<br>• Keeping accurate records of materials transported and work performed.<br>• Inspecting the dump truck before and after every shift, which includes checking the oil, gas, and water levels as well as the lights and tires.<br>• Complying with all safety rules and regulations. |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | Junior school and above<br>3rd grade license |
| **Working Experience – Nature & Length** | Not Required |
| **Leadership Experience - Nature & Length of time** | Not Required |
| **Age** | 18 to 50 Years old |
| **Unique requirements** | • To be able to pass a full Doctor's physical examination.<br>• To be able to work on shift based ZMSC's roster. |

**Salary**: As per the Company scale

**Additional Requirement for nationals**: - Having fulfilled his/her National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defense. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your applications to the **ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara,**

**Note to Eritrean applicants**: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

**Deadline for application**: 7 days from the day of announcement.

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ኣብርሃም ባህታ ዓንደሚካኤል፡ ሓፍተይ ኣመተ ባህታ ዓንደሚካኤል ስለዝዀረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ኣብ ቀዋሚ ይኹን ተንቀሳቓሲ ንብረት ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዛህራ መሓመድ ከረር ኢብራሂም፡ ስም ኣደይ ዓቢት ሓምድ ዒሊ ምግል ተረፉ፡ ዓቢት ሕመድ ዒሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቀይሕ


መሓመድ ኢብራሂም ዒሊ ምግል ተረፉ፡ መሓመድ ኢብራሂም መሓመድዒሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



### ምስጋና

ብምኽያት ዕረፍቲ ክብርቲ ጓልና ወ/ሪት ምሕረት ይሕደጎ ወልደገብርኤል፡ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ ኩዶፈላሲ ን/ዞባ መንደፈራ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስኩም ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብ፡ ፈተውቲ፡ ካህናት ኣዕሩኽ፡ ናይ መድሃኔኣለም ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ኤርትራ ኣብ ለባ ኣንጀለስ፡ ቤተክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ኩዶፈላሲ ከምኡ'ውን ካብ ሕብረት መንግስታት ኣመሪካ ለባ ኣንጀለስ ሪፋ ኣብ ምልኣኽ ዝተሓበበርኩምና ኩሉኹም፡ ሕሰም ኣይትርከቡ፡ ክብረት ይሃብልና እናበልና ሓዘና ከምዝዮጸና ብትሕትና ንሕብር።

ኣቦኣ ኣቶ ይሕደጎ ወልደገብርኤል
ኣዲኣ ወ/ሮ ጎይተይ ብርሃ
ምስ ኣሕዋታን ምሉኣት ስድራቤትን



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ደቅና ኣቶ ቢንያም ተኽለሃይማኖትን ወ/ሮ ማዕበል ተኽለሃይማኖትን ምኽንያት ኮይንኩም ናይ ሓዘና ተኻፈልቲ ዝኾንኩምን ዘጸናናዕኩምናን፡ ማሕ/ደ/ሰ/ና፡ እንዳ ቅዱስ ገብርኤል፡ እንዳ ገብረመንፈስቅዱስ፡ ሰምባል እንዳ ኪዳነምህረትን መድሃኔኣለምን ብሓፈሻ ኩልኹም ማሕበራትን ክሉብ ኣልታሕሪርን ኣብ ወሽጥን ወጻእን ትርከቡ ቤተሰብን ኣዕሩኽን መተዓብይትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከምዝዮጸና ንሕብር።


ወላዲቱ ወ/ሮ ሰማይሽ ገብረትንሳኤ
ሓፍቱ ወ/ሮ ጉት ተኽለሃይማኖትን
ምስ ምሉኣት ስድራቤትን


## ሓደስቲ መጽሓፍቲ — NEW BOOKS

### ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. **Brush up** your Progress in High school (Natural Science Stream): *English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.*
2. **Brush up** your Progress in High school (Social Science Stream): *English, Maths, Geography, History, Business & Economics.*

ነፍስ ወከፍ መጽሓፍ፡
- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቝ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ




ኣብ ኩለን ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

07151337/07282165

# “ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!”
# ትርጉምን ምስጢርን ዘይሃስስ ሃገራዊ ኪዳን

ሳሙኤል ገብረብርሃን
ክፍሊ ኢሚግሬሽንን ዜግነትን

“ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!” ዝብል ረዚን ሓረግ፡ ኣብ ታሪኽን ልብን ህዝቢ ኤርትራ ዓሚቝ ሱር ዝሰደደ፡ ካብ ተራ ሓረጋት ወጺኡ ናብ ቅዱስ ሃገራዊ ማሕላን ዘይመክኽ ኪዳንን ዝተሰጋገረ ጽኑዕ መትከል እዩ። እዚ መግለጺ፡ ነቲ ትማሊ ምእንቲ ሓርነትን ናጽነትን ዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ምስቲ ሎሚ ዘሎ ህልውናን ጽባሕ ዝመጽእ ተስፋን ብምውህሃድ፡ ንወለዶታት ብሓደ ዘኣስር ሃገራዊ ወርቃዊ ድልድል ኮይኑ የገልግል። እዚ ዝኽሪ እዚ ንናይ ሓባር ኩብረታትናን ታሪኻዊ መበቆልናን ዘንጸባርቕ ናይ ሕሊና መስትያት እዩ። ንነፍሲ ወከፍ ዜጋ ብመንፈስ ውፉይነትን ሓላፍነትን ክኩብር ቀጻሊ ጻውዒት የቕርበሉ፣ ከምኡ እውን ህልውናን ኩብረትን ሓንቲ ሃገር ካብቲ ንዕኡ ዝተኸፍለ ክቡር መስዋእቲ ነጺልካ ክርአ ከም ዘይከኣል የዘኻኽረና። መስዋእቲ ብባህርኡ ካብ ፍጹም ብሕታውነት ናብ ናይ ሓባር ህይወትን ረብሓን ዝግበር ዝለዓለ ናይ ፍቕሪ ምስጋር እዩ። ሰብ ካብ ህይወቱ ንላዕሊ ዝፈትዎ ነገር የለን፤ ሰማእታትና ግን ነቲ ዝለዓለ ክቡር ህይወቶም ንናጽነትን ኩብረን ካልኦት ኩብሉ በጃ ገይሮም ኣሕሊፎም ሂቦም እዮም። እዚ ውሳነ እዚ፡ ንገዛእ ርእሶም ምእንቲ መላእ ህዝቢ ምቕራብን ምውፋይን ስለ ዝኾነ፡ ሰማእትነት ሞት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንናይ ካልኦት ህይወትን ናጽነትን ትንሳኤ ዘምጽእ ህያው ዘርኢ እዩ። ስለዚ “ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!” ክንብል ከለና፡ ነቲ ብዋጋ ዘይሽረፍ ዓቢ ናይ ተወፋይነት ተግባር ብምስትምቓር፡ እቲ ዝተኸፍለ ደምን ህይወትን ንናጽነትናን መሰረትናን ዘሕደቐ ህያው ሓይሊ ምዃኑ ንእመነሉ እዋን እዩ።

እቲ ዝኽሪ “ዘልኣለማዊ” ተባሂሉ ክግለጽ ከሎ፡ ካብ ግዜን መድረኻትን ንላዕሊ ዝኾነ ዘይሃስስ ትርጉም ከም ዘለዎ ንምግላጽ እዩ። ኣብ ሰብኣዊ ህይወት ዝኽርታት ብመስርሕ ግዜ ክሃስሱ ወይ ክርስዑ ልሙድ እኳ እንተኾነ፡ ንሰማእታትና ዘውሃብ ኣኽብሮት ግን ህልውና ኤርትራ ክሳብ ዘሎ ቀጻልነት ዘለዎ እዩ፣ ምኽንያቱ ሎሚ ዘለና ናጽነትን ልኡላውነትን ፍረ ናይቲ ትማሊ ዝፈሰሰ ደም ስለ ዝኾነ። ንዓኦም ምዝካር ማለት ንኩብሶና፡ ንመንነትና ንታሪኽናን ብህይወት ምዕቃብ ማለት እዩ። እቲ ዝኽሪ ከም መሳርሒ ሃገራዊ ህያውነት ብምዃን ንመጻኢ ወለዶታት ቀጻሊ ናይ ሞራልን ስነ-ምግባርን ተሓታትነት የሰክሞም።

ሓደ ዜጋ “ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!” ክብል ከሎ፡ “ታሪኽኩም ታሪኸይ እዩ፡ ሓደራኹም ድማ ሓደራይ እዩ” ኢሉ ነቲ ቃል ኪዳን የሐድሶ ኣሎ። እዚ ድማ ነቲ ብመስዋእቲ ዝተሃንጸ ሃገራዊ መንነት ብምሉእ ኩብሪ ተረኪብካ፡ ናብቲ ዝቕጽል መጻኢ ወለዶ ናይ ምስጋር ቃል ኪዳን እዩ። ሰማእታት ብደሞም ዘጽደቕዎ ኪዳን፡ ንነፍሲ ወከፍ ዜጋ ምስ መሬቱ፡ ምስ ህዝቡን ምስ መጻኢኡን ዘተኣሳስር ጽኑዕ ገመድ እዩ። እዚ ኪዳን እዚ፡ ኣብቲ ዝኸበደ መከራን ጸበባን ዝተመስረተ ብምዃኑ፡ ብግዝያዊ ማዕበላትን ለውጥታትን ዝናወጽ ኣይኮነን። ሰማእታትና ኣብ በረኻታትን ጎቦታትን ክወድቁ ከለው፡ ብዛዕባ ቀጻልነትን ኩብረትን ሃገሮም እዮም ሓሲቦም። ንሳቶም ኣብቲ ጸልማት ዝሰፈኖ መዋእል ኮይኖም፡ ነቲ ሎሚ ንሕና እንነብረሉ ዘለና ናይ ናጽነት ብርሃን ብዓይኒ ሕልናኦም ተዓዚቦም እዮም ህይወቶም ኣቕሪቦም። ስለዚ፡ እዚ ኪዳን እዚ ኣብ መንጎ እቶም ዝሓለፉን እቶም ዘለናን ዝተገብረ ናይ ሞራል ውዕል ስለ ዝኾነ፡ ንዕኡ ምሕላው ማለት ንገዛእ ርእስናን ንህልውናናን ኩብሪ ምሃብ ማለት እዩ።

ካብዚ ሓሊፉ፡ ‘ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!’ ናይ ሓዘን ወይ ብኽያት መግለጺ ኣይኮነን። መግለጺ ናይቲ ብሰማእታት ዝተረኸብናዮ ዓቢ ሕድሪ እዩ። እቲ ዝተረኸብናዮ ሕድሪ ብቕዳምነት ነቲ ብመስዋእቶም ዝተረጋገጸ ልኡላውነትን ናጽነትን ምዕቃብ ክኸውን ከሎ፡ ብኻልኣይ ደረጃ ድማ ነቲ ንሳቶም ብዘይ ፍልልይ ሃይማኖት፣ ብሄርን ጾታን ሓቢሮም ብምውጋእ ዘርኣዩና ናይ ሓድነትን ምኽባባርን ጽኑዕ መሰረት ምሕላው እዩ። ሰማእታትና ዝወደቑሉ ዕላማ ህዝቦም ካብ ጭቆናን ድኽነትን ወጺኡ ብፍትሕን ማሕበራዊ ዕብየትን ክኩብር ስለ ዝከበረ፡ ነዚ ራእይ እዚ ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ቀጻሊ ምስራሕ ነቲ ቃል ኪዳን ብህይወት ምሓዝ ማለት እዩ። ነዚ ሕድሪ እዚ ከየበላሸው ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ምስጋር ድማ ናይቶም ዘለና ህያው ወለዶ ቀዳማይ ሃገራዊ ሓላፍነት እዩ።

ዝኽሪ ትርጉም ክህልዎ ዝኽእል ግን ካብ ኣፍ ናብ ልቢ፡ ካብ ልቢ ድማ ናብ ግብሪ ክትርጎም ከሎ ጥራይ እዩ። “ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!” ዝብል መብጽዓ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ብተኣማንነትን ብትግሃትን ክንሰርሕ ከለና፣ ኣብ ዘለና ናይ ስራሕን ትምህርትን ዓውድታት ሃገርና ንምምዕባልን ንምህናጽን ክንጋደል ከለና እዩ ምሉእ ትርጉም ዝረክብ። ዜጋታት ኣብ መንገኦም ዘሎ ሓድነትን ምኽባባርን ብምዕቃብ፡ ንልኡላውነትን ኩብረትን ሃገር ድሉዋት ኮይኖም ክጸንሑ ከለው፡ እዩ እቲ መስዋእቲ ብሓቂ ዝኸበር። ስለዚ፡ ነቲ ዝኽሪ ኣብ ሰሌዳታት ታሪኽ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ውሽጢ መዓልታዊ ተግባራትና፣ ኣብ ፍትሓዊ ኣተሓሳስባናን ንሃገርና ብምሉእ ልቢ ኣብ ምግልጋልን ክንጽሕፎ ይግባእ። ነቲ ብደሞም ዝተሃንጸ መሰረት፡ ብረሃጽናን ብፍልጠትናን ክንውልዖ ከለና ጥራይ እዩ እቲ መብጽዓ ብግብሪ ዝፍጸም።

ንሰማእታት ምዝካር ኣብ እዋን ፈተናን ብድሆታትን ዓቢ ናይ መንፈሳዊ ሓይልን ተስፋን ምንጪ እዩ። ኣብ ህይወት ዝገጥሙ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ጸገማት ንተስፋና ክፈታትንዎ ከለው፡ ንድሕሪት ተመሊስና ታሪኽ ሰማእታትና ክንርኢ ከለና ግን ሓዱሽ ናይ ተቓላሳይነት መንፈስ ይሓድረና። ንሳቶም ብርሃን ኣብ ዘይርኣየሉ ጸልማት እዋን፣ ብጽንዓትን ብተስፋን ተቓሊሶም ዓወት ዘምጽኡ ጀጋኑ ብምዃኖም፡ ሎሚ ዘለና ወለዶታት እውን ዝገጥሙና ብድሆታት ብትብዓት ክንሰግሮም ከም እንኽእል ናይ ጽንዓት ዓቢ ትምህርቲ ይምህሩና። እዚ ዝኽሪ እዚ ወትሩ ንቕድሚት ንምስጓም ዘድርኽ ጸዓት ኮይኑ የገልግል። ናይቶም ዝሓለፉ ጀጋኑ ጽንዓት ብምስትንታን፡ ሎሚ ንዝጋጥሙና ግዝያውያን ዕንቅፋታት ብትብዓትን ብሓድነትን ንምስጋር ዘድሊ ብልጫታ ተስፋ ንረክብ።

ነዚ ቃል እዚ ብህይወት ንምዕቃብ፡ መንእሰይ ወለዶ ታሪኽ ሰማእታቱ ብግቡእ ክፈልጥን ክመራመረሉን ይግባእ። እዚ ድማ ብትምህርቲ፡ ብስነ-ጥበብ፡ ብስነ-ጽሑፍን ብታሪኻዊ ምስናድን ክረጋገጽ ዘለዎ ተግባር እዩ። ሓደ ወለዶ ብዛዕባ እቶም ቀድሚኡ ዝከበሩ ጀጋኑ ጽንዓትን ዋጋን ክመሃር ከሎ፡ ንሃገሩ ዘለዎ ፍቕርን ተወፋይነትን ይዓቢ። እቶም ታሪኽ ሰማእታቶም ብግቡእ ዘይፈልጡ መንእሰያት፡ ኣብ ዝኾነ ፈተና ክንበርከኹ ኣይክእሉን እዮም፣ ምኽንያቱ ኣብ ውሽጦም ዘሎ ናይ ጅግንነት ሕድሪ ወትሩ ስለ ዘድርኾም። ስለዚ ንታሪኾም ናብ ፊልምታት፡ መጻሕፍትን ግጥምታትን ብምቕያር ኣብ ኣእምሮ ነፍሲ ወከፍ ሓድሽ ወለዶ ክንቀርጾ ይግባእ። እዚ ክኸውን ከሎ ጥራይ እዩ እቲ ዝኽሪ ንውልድ ወለዶ ብህይወት ዝሰጋገር።

ልኡላውነትን ኩብረትን ሃገር ናይ ሓባር ሃብቲ ብምዃኑ፡ ንሰማእታትና ክንዝክር ከለና ነዚ ናይ ሓባር ዋጋ ምሕላው ቀዳማይ ዕላማ ክኸውን ኣለዎ። ታሪኽ ከም ዝምህረና፡ ሓደ ህዝቢ ሓድነቱን ምኽብባሩን ክጥፍእ ከሎ፡ ንጸላእቱ ፈኩስ ጸላኢ እዩ ዝኸውን። ሰማእታትና ግን ኣብ ሓደ ዕላማን ራእይን ተሰሚዖም፡ ሓደ ዓይነት መድረኽ ፈጢሮም እዮም ተሰዊኦም። ንሳቶም ንሓድነትና ብደሞም እዮም ኣጽኒዖም። ስለዚ፡ ሎሚ ዘለና ሰባት ንዝኸፍሉ ፍልልያት ብምውጋድ፡ ኣብቲ ናይ ሓባር ሃገራዊ መንነትና ምጽናዕ ንዝኽሪ ሰማእታትና ዝግብኦ ግብራዊ ትርጉም ይህቦ። እዚ ድማ ነቶም ክንመቓቐል ዝደልዩ ሓይሊታት ጽኑዕ መልሲ ብምሃብ ሃገራዊ ህያውነትና ነረጋግጸሉ ናይ ምክልኻል ድልድል እዩ።

ብተወሳኺ፡ እዚ ዝኽሪ እዚ ኣብ መንጎ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ወለዶታት ናይ ፍቕሪ፡ ምስምማዕን ስኒትን መንፈስ ክፈጥር ይግባእ። እቶም ትማሊ ዝሓለፉ ሰማእታት፡ ኣብ ግዜ ንእስነቶም ኩሉ ነገር ሓዲጎም ንበረኻ ዝወጹ እዮም። ንሳቶም እውን ከማና ናይ ህይወት ትምህርቲ ክረኽቡ፣ ምስ ስድራቤቶም ክነብሩ፣ ፍቕርን ሓዳርን ክምስርቱ ዝደልዩ ዝነበሩ መንእሰያት እዮም። እንተኾነ ግን፡ ነቲ ናይ ውልቆም ውልቃዊ ሕልሚ ሰዊኦም፡ ንናይ መላእ ህዝቢ ናይ ሓባር ሕልሚ ከም ዝዕወት ገይሮም እዮም። እዚ ተግባር እዚ፡ ሎሚ ንዘለና ወለዶ ዓቢ ታሪኻዊ ትምህርቲ እዩ። ንሕና እውን ካብ ባዕላዊ ስስዐን ናይ ውልቂ ረብሓን ወጺእና፡ ንሃገራዊ ዕብየትን ሓባራዊ ሰላምን ቀዳምነት ክንህብ ከም ዘለና ይምህረና። ዝኽሪ ሰማእታትና ንውልቃዊ ፍልልያትና ኣወጊዱ፡ ናብ ናይ ሓባር ስራሕን ዓወትን ክመርሓና ከሎ እዩ እቲ ዝኽሪ ናይ ሓቂ ትርጉም ዝረክብ።

“ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!” ዝብል ቃል ኪዳን፡ ህልውናና ዘውሓሰ ዘይበላሾ ወርቃዊ መትከል እዩ። እቶም ጀጋኑ ናቶም ብጽሒት ብዓወት ፈጺሞም እኳ እንተሓለፉ፡ እቲ ኪዳን ግን ኣብ መንጎናን ኣብ መጻኢ ወለዶታትን ብህይወት ክቕጽል ኣለዎ። ነታ ንሳቶም ዝሞቱላ ሃገር ብፍቕሪ፣ ብሓድነትን ብስራሕን ክንሃንጻ ከለና ጥራይ እዩ እቲ “ዘልኣለማዊ” ዝብል ቃል ምሉእ ትርጉሙ ዝረክብ። ኩብሪ ንሰማእታትና እናበልና፡ ነዚ ክቡር ሓደራ ኣብ ልብና ብምቕራጽ፡ ንመጻኢ ወለዶታት ዝሓሸትን ዝማዕበለትን ሃገር ንምርካብ ብተወፋይነት ክንሰርሕ እዩ እቲ ዝለዓለ ናይ ኣኽብሮት መግለጺ። እዚ ሓረግ እዚ ናይ መወዳእታ ምስክርነት ናይቲ ብሓባር ዝሓለፍናዮ ዝኽፍ ጉዕዞን፡ ንቕድሚት ንምስጓም ዘለና ዘይናወጽ እምነትን ኮይኑ ንዘልኣለም ክኩብር እዩ።





# ስፖርት

ሞሴ ገ/እግዚኣብሄር

የናስ ሃይለ (ፒፖ) ጨ/ዜ/መ/ሓ/
ጎ/ሚ/ምክልኻል

## ስውእ መርሃዊ ጸጋይ መንየ፧

ካብ መፋርቕ 90ታት ኣትሒዙ ምስ ጋንታ ኣቦሻውል ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ዘዘጻምበረ ኮይኑ፡ ኣብ ምኽልኻል ፍሉይ ክእለትን ጥበብን ዝነበሮን ኣፍቃርቲ ኩዕሶ እግሪ ሃገርና ከይመዝወፆ ዝሰኣኑዎን ተጻዋታይ።

ምሉእ ስሙ መርሃዊ ጸጋይ ደብዐል፣ ኣብ 1975 ኣብ ኣስመራ ተወሊዱን ዓብዩን። መርሃዊ፡ ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ጳውሎስ (ሰላም)፣ ካልኣይ ደረጃ ድማ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅድስቲ ማርያም ተኸታቲሉ።

ማዕረ ማዕረ ትምህርቱ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ዝጥፍ ዝነበረ መርሃዊ፡ ድሕሪ ናጽነት ንምምሕዳሩ ኣቦሻውል ወኪሉ ብኣላይነት ኣሰልጣኒ ወላዲኡ ኣቶ ጸጋይ ባህታ ክጻወት ጀሚሩ። ቀጺሉ ኣብ ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተዳለዉ ዝነበሩ ውድድራት ምስታ ቤት ትምህርቱ ተሰሊፉ ዝሓለፈ ብቕዓት ኣንጸባሪቑን ዓወት ኣመዝጊቡን።



ኣብ መፋርቕ 90ታት፡ ብዮኣሚ ኣማኑኤል ካሕሳይ (ሻውል) እትእለ ዝነበረት ጋንታ ኣቦሻውል፡ ንመርሃዊ ዓይና ከይተሓሰየት ናብ መሳርዓ ጸምቢራቶ። ብቐልጢፍ ምስ ደቂ ጋንታኡ ብምውህሃድ ከኣ፡ እታ ጋንታ ኣብ 1997/98 ሻምፕዮና ካልኣይ ዲቪዥን ዞባ ማእከል ክትከውንን ናብ ቀዳማይ ዲቪዥን ክትሰገርን ዓቢ ተራ ተጻዊቱ።

መርሃዊ ጸጋይ፡ ኣብ 1995 ማትሪክ ድሕሪ ምፍታኑ፡ ኣብታ ዓመት እቲኣ ሃገራዊ ግቡኡ ንምፍጻም ምስ ሳልሳይ ዙርያ ናብ መደበር ታዕሊም ሳዋ ወሪዱ። ኣብኡ'ውን ንካልኣይ ክፍለ ሰራዊት ወኪሉ ዝሓለፈ ጸወታታን ዓወትን ኣመዝጊቡ እዩ።

መርሃዊ፡ ሃገራዊ ግቡኡ ፈጺሙ ድሕሪ ምምላሱ፡ ኣብ 1998 ክተት ምስ ተኣወጀ ኣብ ኮር 2001 ተመዲቡ፡ ምስ ኣሃዱኡ ኮይኑ ኣብ ቀዳማይ ወራር ወያነ ኣብ ምምካት እንከሎ ከኣ፡ ኣብታ ዓመት ኣብ ኣምባሰተ ገለባ ብጅግንነት ተሰዊኡ።

---

## "ስውእ ኤልያስ እዛዙ፡ 'ካብ ወርቂን ዋንጫን ምሽላም፡ ምስ ኣሕዋትካ ምግዳል' ዝብል ኣብ ኣፍደገ ገዛኡ ጽሒፉ ንሜዳ ክጋደል ወጺኡ" ገዲም ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ቢንያም ምስግና

ኤልያስ እዛዙ፡ ኣብ 1985 እዩ ኣብ ተራ ብሽክለታ 'ሀ' ኢሉ ውድድሩ ፈሊሙ። ኣብ ሓጺር ግዜ ከኣ፡ ኣብ ሽልማት ብምእታው ንመቐዳደምቱ ክወዳደርም ክኢሉ።

በዚ ከኣ፡ ኤልያስ፡ ኣብ 1987 ኣብ ሻምፕዮና ቅድድም ብሽክለታ ኣብ ናይ ማእከሎት ካብ ዝነበሩ በርቃውያን ተቐዳደምቲ ክኸውን በቒዑ። ኤልያስ፡ ኣብ 1988 ኣብ ክፍሊ ልሙዳት ማለት ኣብ ዓበይቲ ብምስጋር ምስ ክሎብ ኣዱሊስ ተጸምቢሩ። ብሉጽ ምንቅስቓስ ከርኢ'ውን ግዜ ኣይወሰደሉን።

ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ብዝነበሮ ልዑል ስምዒት ኩሉ ዕላሉ ብዛዕባኡ ዝነበረ ኤልያስ፡ ሓደ ግዜ ውድድር ኣሎ ኢሉ ካብ ቤቱ ወጺኡ፡ ውድድር ነይሩዎ እዩ። እንተኾነ ኣብቲ መወዳደሪ ቦታ ኣብ ግዜኡ ኣይተረኸበን። ደቂ ጋንታኡ እንታይ ኮይኑ ደኣ ኤልያስ ዘይመጸ ኢሎም ተሻቒሎም። እቲ ውድድር ምስ ተዛዘመ ምስ ብሽክለታኦምን ዕጥቆምን ደሃይ ክሕቱ ናብ ቤቱ ኣምሪሖም። ኣብ ኣፍደገ ገዛኡ ምስ በጽሑ ኣብ ጻዕዳ ወረቐት ብበሮ ዝተጻሕፈ "ካብ ወርቂን ዋንጫን ምሽላም፡ ምስ ኣሕዋትካ ብሰላም ምግዳል" ዝብል ጽሑፍ ከም ዝረኸቡ፡ ገዲም ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ክሉብ ኣዱሊስ ቢንያም ምስግና (ወዲ ምስግና) ንድሕሪት ተመሊሱ የዘንቱ።

ኤልያስ፡ ድሕሪ ናብ ገድሊ ምውጽኡ፡ ናጽነት ኮይኑ ንብር ሂወቱ ክመርሕ ጀሚሩ ነይሩ።



ስውእ ኤልያስ እዛዙ፡ ዳግማይ ኣብ 1998 ወራር ወያነ ንምምካት ከቲቱ ኣብ ወርሒ ሰነ 2000 ዓ/ም ኣብ ተሰነይ ብጅግንነት ተሰዊኡ።

---

## ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ስውእ ሚካኤል ተስፋይ (ወዲ ባጽዕ)

ሚካኤል ተስፋይ፡ ኣብ ገዛ ከንሻ ሂወቱ ፈሊሙ። ዕድመ ንእስነቱ ከም ኩሎም ህጻናት ደቂ ገዛ ከንሻ፡ ብጨርቂ ኩዕሶ እናተጻወተ ዓብዩ። ካብ ግዜ ህጻንነቱ ኣትሒዙ ኩዕሶ ብጺጋማይ እግሩ ዝጻወትን ብቱያኡ ዝለለን'ዩ ነይሩ።

ሚካኤል፡ ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ መደበር ተማሂሩ። ሽልማት እናወሰደ ዝሓለፈ ተመሃራይ ድማ ነይሩ። ኣብ ገዛ ከንሻ ብዓበይቲን መዛኑኡን ፍቱው ዝነበረ ሚካኤል፡ መተዓብይቱ ኣብ ክንዲ በቲ ቀንዲ ስሙ "ሚካኤልተይ" እናበሉ እዮም ዝጽውዕዎ ነይሮም። ብጠባዩን ስነ ስርዓቱን ከምኡ'ውን በቲ ዝተዓደሎ ግርማ ብኹሉ ፍቱው ነይሩ።

ስድራ ሚካኤል፡ ኣብ ገዛ ጥንዳ እንዳ መድሃኔ ዓለም ቤተ ክርስትያን ገዛ ስለ ዝገዝኡ ገዓዙ። ሚካኤል ከኣ፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ መለስተኛ (ናይ ሎሚ ዳሉል) ተማሂሩ። ማዕረ ማዕረ ትምህርቱ ፍቕሪ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ስለ ዝነበሮ ምጽዋት ኣይገደፈን።



ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝነበረ ውድድር ናይ ቀበሌታት ከፍተኛ ክልተ ቀበሌ 08 (ሰምረት) ምስ እትብሃል ቀበሌ፡ ካብቶም ብሉጻት ተጻወትቲ ብምኻኑ እታ ቀበሌ ክትዕወት እጃሙ ኣበርኪቱ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ካብቶም ምሩጻት ተጻወትቲ ናይ ከፍተኛ ክልተ ኮይኑ፣ ኣብኡ ሰጊሩ ከኣ፡ ምስቶም ናይ ዞን ሓደ ምሩጻት ተጻወትቲ ብምኻን ክእለቱን ብቕዓቱን ኣብ ኩዕሶ እግሪ ኣማስኪሩ። ሹቶ ብምምዝጋብ ብቕዓቱ፡ ብተረርቲ ቅልዓቱን ጉያኡን ዝለለ ሚካኤል፡ ካብቶም ብብቕዓቶም ዝፍለጡ ዝነበሩ ተጻወትቲ ምንባሩ መተዓብይቱ ይምስክሩ።

ንሚካኤል፡ ካብ ናይ ቀበሌ ከፍተኛ ዞን ወጻኢ ብዙሓት ጋንታታት ይሃድንኦ ነይረን እየን። ኣብቲ እዋን ጋንታ ኣዱሊስ ምስኦም ልምምድ ክገብር ሓቲቶሞ ነይሮም። እንተኾነ ተመሃራይ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ቤቱ (ኢብራሂም ሱልጣን) ብምንባሩን ኣብ 1989 ድማ መልቀቒ ሃገራዊ ፈተና ወሲዱ ስለ ዝነበረን፡ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ከም መዛዘዩ እምበር ከም ሞያ ክሕዞ ምርጫኡ ኣይነበረን። ጎኒ ጎኒ ትምህርቱን ግና፡ ኣብ ናይ ገዛኦም ትካል ስርሓት ሓጺን ኣበርክቶ ስለ ዝነበሮ ግዜኡ ትሑዝ እዩ ነይሩ።

ሚካኤል (ወዲ ባጽዕ) ንከተማ ባጽዕ ኣይፈልጣን እዩ። ኣብ ገዛ ጥንዳ ጥልያን ኣብ ገዛኦም ደቂ ባጽዕ ስለ ዝነበሩ እያ 'ወዲ ባጽዕ' ትብል ሳጓ ለጊባቶ። እዛ ሳጓ ንሚካኤልተይ ትብል መጸውዒቱ ከይተረፈ ኣህሲሳታ እያ።

ወዲ ባጽዕ፡ ብመሰረት ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ 1994 ምስ ቀዳማይ ዙርያ ናብ ሳዋ ወሪዱ። ናይ ሽድሽተ ኣዋርሕ ወተሃደራዊ ታዕሊም ድሕሪ ምውሳድ ከኣ፡ ናብ ቤቱ ተመሊሱ።

ሚካኤል፡ ንዓለም ብጸወታን ሰሓቕን ይሓልፍ ከም ዝነበረ፡ ኣብ ታዕሊም ብቐረባ ዝፈልጦ ተዋሳኣይ ዳኒኤል ጸጋየ (ቪላ) ይገልጽ።

ሚካኤል፡ ኣብ ወርሒ ግንቦት 1998 ኣብ ኮር 2001 ኣብ ግንባር ዛላ ኣንበሳ ከቲቱ። ቪላ ብዛዕባ ስውእ ሚካኤል ክዛረብ እንከሎ፡ "ኣብቲ ዝነበሮ ኣሃዱ ንብጾቱ ናይ ቀለምን ናይ ኣጸዋርን ትምህርቲ ይምህር ነይሩ። እቲ ዘዐበዮ ስፖርት'ውን ክሳብ መጨረሽታ እዋን መስዋእቱ ኣየቋረጾን። ኣብ ምልምማድ ኣሃዱ'ውን ተራ ነይሩዎ።" ኢሉ።

ስውእ ወዲ ባጽዕ፡ ኣብ እዋን ወራር ናይ ሸሞንተ መዓልታት ዕረፍቲ ረኺቡ ኣስመራ መጺኡ ነይሩ። እንተኾነ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ናይ ዕረፍቱ ሳልሳይ ወራር ወያነ ከም ዝተወለዐ ወረ በጺሑ፡ ከይወዓለ ከይሓደረ ድማ፡ ዕረፍቱ ጠንጢኑ ናብ ኣሃዱኡ ተመሊሱ፡ ዳኒኤል፡ ምስ ሚካኤል ኣብ ግንባር ዛላምበሳ ኣብ ሰርሓ ንመወዳእታ እዋን ከም ዝተራኸቡ'ውን ይዝክር።

ሚካኤል ወዲ ባጽዕ፡ ብ25 ግንቦት 2000 ኣብ ግንባር ዛላምበሳ ኣብ ከባቢ ፎርቶ ሰመዳና ብጅግንነት ተሰዊኡ። ንታሪኽ ሂወቱ ምንጋር ዝተሓባበሩኒ መ/ም እዮብ ርእሶም ከምኡ'ውን ዳኒኤል ጸጋየ (ቪላ) ድማ ኣማስግነኖም።

---

## ኣባላት ሰርከስ ኤርትራ - ስውኣት ቢንያም ኣብርሃን ኣታኽልቲ ተኽልኣብን

- ስውእ ቢንያም ኣብርሃ፡ ሓደ ካብቶም ንጡፋት ናይዚ ዓውዲ ዝነበረ እዩ። ኣብ 1978 ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ዝተወልደ ቢንያም፡ ካብ ግዜ ቁልዕነቱ ኣትሒዙ ናብቲ ኣብ ገዛውቱ ዝርከብ ዝነበረ ወወክዮማ (ናይ ሎሚ ኮምሽን ባህሊን ስፖርትን) ክምርሕ ጀሚሩ። በቲ ኣብኡ ዝዕዘቦ ዝነበረ ንጥፈታት ኣክሮባት ክጽሎ ድማ ግዜ ኣይወሰደሉን። ወላዲቱ ወ/ሮ ኑብያት ፍስሃጽዮን እውን፡ ካብ ምትብባዕ ድሕር ኣይበለትን። "ቢንያም ሰዋህን ምእዙዝን እዩ ነይሩ። ካብ ቁልዕነቱ ከኣ፡ ንጡፍ እዩ ነይሩ።" ክትብል ድማ ትገልጾ።

"ቢንያም፡ ኣብ ዓውዲ ሰርከስ ኣዝዩ ጸላውን ንብዙሓት ከም ሞዴል ኮይኑ ናብቲ ዓውዲ ንኽጽምበሩ ድርኺት ዝሕደረ ወፋይን ተፈታውን ስፖርተኛ እዩ ነይሩ።" ክብል ኣባል ሰርከስ ኤርትራ ዝነበረ ጋዜጠኛ የናታን የዕበዮ እውን የዘንቱ።



ስውእ ቢንያም ኣብርሃ

ኣባል ሳልሳይ ዙርያ ዝኾነ ቢንያም ኣብርሃ፡ ኣብ ሳልሳይ ወራር ወያነ ኣብ ምኽባር ልኡላውነት ኣብ ጎኒ ብጾቱ ኮይኑ ብምምካት፡ ኣብ ፎዲ ዝተባህለ ቦታ ብጅግንነት ተሰዊኡ።

* * *

- ኣደ ሓደን ስውእን ኣታኽልቲ ተኽለኣብ ወልዱ - ወ/ሮ ሂወት ጉብረስላሰ፡ ምስ ብዓል ቤታ ኣቶ ተኽልኣብ ወልዱ፡ ኣብ መጀመርታ 1970ታት ሰራሕተኛ ጨንፈር መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበረሉ እዮም ተላልዮም። ድሕሪ ክልተ ዓመታት ከኣ፡ ኣብ 1974 ኣብ ሓመራ ንኣታኽልቲ ተበኲራ። ድሕሪ ዓመትን ፈረቓን ይኸውን ዕግርግር ምስ ኮነ ወላዳ ሒዛ ምስ ኣሞኡ ንኣታኽልቲ ናብ ሃገረ ሱዳን ግዒዛ። ከይጸንሓ ከኣ፡ ጸላኢ ንኣቶ ተኽልኣብ "ምስ ሻዕብያ ኣድ ኣሎካ" ብምባል ብተደጋጋሚ ኣብ ቤት ማሕበስ ሓመራ ማርያም ግቢ ኣዲስ ኣበባ ጎንደርን ሳለበኣን ኣሲሩ ኣሳቕዩ። ንሓጺር እዋን ምስ ተፈትሐ ድማ ኣብ ዝነበሮ ደሰርሕ ነይሩ።

"ምስ ተጋደልቲ ርክብ ከም ዝነበሮ ዝፈለጥኩ ግን ሓደ መዓልቲ እዩ። ሓደ ተጋዳላይ ኣብ ገዝና ተዓቒቡ ወዓሉ ስለዝሓደረ፡ ብዓል ቤተይ ዝነበሮ ርክብ ክንጽርረለይ ክኢሉ። ሓደ ግዜ ጥቕክ ሓመራ ብተጋደልቲ ምስ ተተሓዘ ነዊሕ እዋን ከይጸንሓ ተኣሲሩ። ኣብ ኣሰም በቃኝ ኣዲስ ኣበባ ድማ፡ ሞይቱ" ክብላ የዘንትዋ፡ ወ/ሮ ሂወት።

ኣታኽልቲ፡ ወዲ ሽድሽተ ዓመት ምስ ኮነ ኣብ ሱዳን ትምህርቲ ጀሚሩ። ኣብቲ እዋን ወላዲቱ ወ/ሮ ሂወት ናብ ስዑድያ ስለዝኸደት፡ ኣታኽልቲ ምስ ንጥፍቲ ኣባል ሓፋሽ ውድብ ዝነበረት ኣሞኡ ወ/ሮ ዘውዲ ወልዱ ክሳብ ወዲ ትሽዓተ ዓመት ኣብ ሱዳን ተማሂሩ። ወላዲቱ ካብ ስዑድያ ናብ ሱዳን እናተመላለሰት ክትርእዮ ድሕሪ ምጽናሓ፡ ጠቕሊላ ናብ ስዑድያ ወሰደቶ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ድማ፡ እታ ዝበሀገዋ ናጽነት ኤርትራ ስለዝመጸት፡ ኣደን ወድን ናብ ዝፈትውዋ ዓዶም ተመልሱ። ኣታኽልቲ፡ ኣብቲ እዋን ወዲ 15 ዓመት ነይሩ።

ወ/ሮ ሂወት፡ ደጊማ ንኣታኽልቲ ምስ እንዳ ሓወቦኡ ገዲፋቶ ናብ ስዑድያ ተመሊሳ፡ ካብ ብንእሰነቱ ፍቕሪ ሰርከስ ዝነበሮ ኣታኽልቲ፡ ኣብ 1994 ንደሓር ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀሓይቶ እናተመሃረ ብፍላይ ኣብ ድራማዊ ሰርከስ ዝገደሰን ንፋዕን ኮይኑ። ካብ 1996 ንደሓር ኣብ ሰርከስ ልዑል ፍቕሪ ዝነበሮ እዚ መንእሰይ፡ ሃገራዊ ስምዒት ስለዝሓደሮ ኣብ ሻዱሻይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሳዋ ወሪዱ። ድሕሪ ግቡእ ታዕሊምን ፖለቲካዊ ትምህርቲን ከኣ፡ ኣብ ክፍለ ሰራዊት 22 ተመዲቡ። ኣብ ምዕቃብን ምኽባርን ልኡላውነት ሃገር ተጸሚዱ። ምስ ወላዲቱ ነዊሕ እዋን ዝተፈለየ ኣታኽልቲ፡ ኣብ 1999 እዩ ኣብ ካልኣይ ወራር ወያነ ኣብ ግርመ ተሰዊኡ።




ስውእ ኣታኽልቲ ተኽልኣብ

ኣታኽልቲ፡ ኣብ ሰርከስ ብመንፍዓቶም ዝዘከሩ ሕያዋይ፡ ጻዕርኛን ፈታውን ከም ዝነበረ መሳርሕቱ ዝነበረ ጋዜጠኛ የናታን የዕበዮ ይገልጽ።

### መኣረምታ

ኣብ ናይ ትማሊ ሕታም፡ ንዝንታ ስውኣት ዓብዱላሂ ኢማምን ሳሙኤል ክብሮምን ዝገልጽ ኣብዚ ዓምዲ ዘወጸ ጽሑፍ፡ ኣሰልጣኒ ቅድድም ብሽክለታ ጋንታ ዓረግ - ሙሴ ኣሽሬል ዝብል ዘሎ፡ ጋንታ ሰራደር ሳዋ ተባሂሉ ክንብብ ምስ ናይ ይቕረታ ንሓትት።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ናይ ምድብ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026

ሆላንድ - ሽወደን 8:00 ድ.ቀ

ጀርመን - ኣይቮሪኮስት 11:00 ድ.ቀ

ሰንበት

ኤኳዶር - ኩራሳኦ 3:00 ቅ.ቀ (ወጋሕታ)

ቱኒዚያ - ጃፓን 7:00 ቅ.ቀ

ስጳኛ - ስዑዲ ዓረብ 7:00 ድ.ቀ

ቤልጁዩም - ኢራን 10:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ዝርርብ ኣመሪካን ኢራንን፡ ተናዊሑ

ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ኣብ ስዊዘርላንድ ክካየድ ተወጢኑ ዝነበረ ዝርርብ ኣብ ስምምዕ ሰላም፡ ንዘይተወሰነ ግዜ ከም ዝተናውሐ ተሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ስዊዘርላንድ፡ እቲ ትማሊ ዓርቢ ኣብ በርገንስቶክ ክካየድ ተመዲቡ ዝነበረ ዘተ፡ ንግዜኡ ከም ዝተወንዘፈ ኣረጋጊጹ።

ምስጢጋር ናይቲ ዘተ፡ ነቲ ኣብ ቀረባ መዓልታት ብኣመሪካን ኢራንን ዝተኸተመ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ከየጋጥሞ ተሰጊኡ ኣሎ።

ብመሰረት ገለ ጸብጻባት፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ብሰንኪ እተካይዶ ዘላ ቀጻሊ መጥቃዕትታት፡ ኢራን ንወከልታ ናብ ስዊዘርላንድ ናይ ምስዳድ መደባ ብምድንጓያ፡ እቲ ዘተ ንዘይተወሰነ መዓልታት ክናዋሕ ክኢሉ ኣሎ።

ሓላፊ ናይታ ምስ ኣመሪካ ዝርርብ እተካይድ ጉጅለ ኢራን ዝኾነ መሓመድ ባገር ቃሊባፍ፡ ሓደ ካብቲ ሃገሩ ምስ ኣመሪካ ኣብ ስምምዕ ንኸይበጽሕ ከም ቅድመ ኩነት ዘቐረበቶ ነጥብታት፡ እስራኤል ኣብ ሊባኖስ እተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ወፍሪ ደው ከተብሎ ዝጠልብ ምዃኑ ኣዘኻኺሩ።

ዝሓለፈ ሓሙስ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ክሳብ ጸጥታዊ ድሌታት ሃገሩ ዝጠለቡ ወታደራቱ ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ክጸንሑ ምዃኖም ሓቢሩ ነይሩ።



እስራኤልን ሕዝቦላህን ኣብቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ዝተኸተደ ስምምዕ እኳ እንተ ዘይተሳተፉ፡ ኢራን ግን እስራኤል ካብቲ ተቖጻጺራቶ እትርከብ ሰፊሕ ክፋል ደቡባዊ ሊባኖስ ክትወጽእ ከም ዘለዋ እያ ብተደጋጋሚ ትጠልብ ዘላ።

## ኣፍጋኒስታን፡ ኣብ ውሽጢ ፓኪስታን መጥቃዕቲ ኣካይዳ

ኣፍጋኒስታን፡ ኣብ ክልተ ክፍለ ሃገራት ፓኪስታን ንዝርከቡ መሕብኢታት እስላማውያን ዕጡቓት ጉጅለታት ዒላማ ዝገበረ ደብዳብ ከም ዘካየደት፡ ትማሊ ዓርቢ ኣፍሊጣ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣፍጋኒስታን ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ኣብ ዘዘርገሖ ሓበሬታ፡ ሓይሊ ኣየር ሃገሩ፡ ምስ ኣፍጋኒስታን ኣብ ዝዳወብ ክፍለ ሃገራት ባሎቺስታንን ኪይበር ፓኽቱንኽዋን ንዝርከቡ መዕቆቢታት እቶም ዕጡቓት ጉጅለታት ዒላማ ከም ዝገበርም ኣዘኻኺሩ።

እቲ ደብዳባት፡ ኣብ መንጎ ኣፍጋኒስታንን ፓኪስታንን ንኽልተ ኣዋርሕ ድሕሪ ዝቖጸለ ደማዊ ግጭት ሰዓቢ እዩ ዝካየድ ዘሎ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ እቶም ደብዳብ ዝተኻየደሎም መዓስከራት፡ ዕጡቓት ጉጅለታት ኣንጻር ኣፍጋኒስታን መጥቃዕትታት ንምውጣንን ንምውዳብን ይጥቀምሎም ምንባሮም ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ሓበሬታ ፓኪስታን ግን ነቲ መጥቃዕትታት ኣመልኪቱ ብኣፍጋኒስታን ንዝተዋህበ መግለጺ ድሕሪ ምንጻጉ፡ ሓንቲ ዘይማዕበለት ሰብ ኣልቦ ነፋሪት ኣፍጋኒስታን ናብ ክሊ ኣየር ፓኪስታን ከም ዝኣተወትን ብዙሕ ከይጸንሐት ከኣ ከም ዝተወቕዐትን ገሊጹ።



## ዩክሬንን ጀርመንን፡ ሓድሽ ወተሃደራዊ ስምምዕ ከቲመን

ዩክሬንን ጀርመንን ኣብ ምምዕባል ጸረ-ባለስቲካዊ ሚሳይል ዘተኮረ ሓድሽ ወተሃደራዊ ስምምዕ ከም ዝኸተማ፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ኣፍሊጡ።



እቲ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ዩክሬን ንምዕባይ፡ ከምኡ'ውን መጥቃዕቲታት ፌደረሽን ሩስያ ንምምካት ዝዓለመ ስምምዕ ብሚኒስተር ምክልኻል ዩክሬን ምኻይሎ ፌዶሮቭን ጀርመናዊ መዛኑኡ ቦሪስ ፒስቶርየስን፡ ኣብ ከተማ ብራሰልስ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ሚኒስተራት ምክልኻል ኣባላት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) እዩ ተኸቲሙ።

ብዘይካ'ዚ፡ ክልቲኤን ሃገራት 300 ኪሎ-ግራም ዝምዘን ተተኩሱ፡ ካልእ ወተሃደራዊ ቀረብትን ማይን ናብ ግንባራት ክጉዕዝ ዝኽእል ሰብ-ኣልቦ ተሽከርከርቲ ንምፍራይ ተሰማሚዐን ኣለዋ።

እተን ተሽከርከርቲ፡ ኣብ ጀርመን ከም ዝስራሓ እውን ይግለጽ ኣሎ።

ጀርመንን ዩክሬንን ኣብ ወተሃደራውን ጸጥታውን ምትሕግጋዝ ዘተኮረ ስምምዕ ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ምኽታመን ይዝከር።

## እስራኤል፡ ንሕዝቦላህ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲታት ኣካይዳ

እስራኤል ኣብ ሊባኖስ ብዘካየደቶ ደብዳብ፡ ብውሑዱ 18 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 33 ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ ሓቢሩ።

ሰራዊት እስራኤል ብወገኑ፡ ኣብ ልዕሊ ምስ ሕዝቦላህ ምትእስሳር ዘለዎም 80 ዒላማታት መጥቃዕቲ ከም ዘካየደን፡ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ካብ ኣባላት ሕዝቦላህ ከኣ ከም ዝቐተለን ገሊጹ።

እቲ ሰራዊት ወሲኹ፡ በቲ መጥቃዕቲ ኣርባዕተ ካብ ወተሃደራቱ ከም እተቐትሉ'ውን ኣሕዲሩ ኣሎ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣመሪካን ኢራንን ነቲ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዘሎ ግጭት ደው ንምባል ስምምዕ ሰላም ድሕሪ ምኽታመን ዝተኻየደ ብምዃኑ፡ ነቲ ብሕጂ ኣብ ስዊዘርላንድ ክካየድ ተወጢኑ ዘሎ ዝርርብ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእትይዎ ከም ዝርከብ እዩም ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ዘመልክቱ።

እቲ ስምምዕ ሰላም ዝሓለፈ ሓሙስ ድሕሪ ምኽታሙ፡ እስራኤልን ሕዝቦላህን ንሓድሕዶም ይጠቓቕዑ ከም ዘለዉ እዩ ዝሕበር።

ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ፡ ግዝኣታዊ ሓድነትን ልኡላውነትን ሊባኖስ ክኽበር ዝጠልብ ነጥቢ ዘጠቓለለ ምዃኑ እዩ ዝግለጽ።

እንተኾነ፡ እስራኤል ኣብ ሊባኖስ ዝርከቡ ወተሃደራታ ክትስሕብ መደብ ከም ዘይብላ ድሕሪ ምግላጽ፡ ምስ ሕዝቦላህ እተካይዶ ዘላ ኩናት ምስ ግጭት ኢራን ዝተሓሓዘ ከም ዘይኮነ ኣፍሊጣ።

እዚ ከምዚ ኢሉ'ንከሎ፡ እስራኤልን ሕዝቦላህን ተማቢራውነቱ ካብ ትማሊ ዓርቢ ዝጀመረ ተጻብኦ ደው ከብሉ ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሑ፡ ኣገልግሎት ዜና ሮይተርስ ንላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኣመሪካን ሕዝቦላህን ብምጥቃስ ጸብጺቡ።

እንተኾነ፡ ሰራዊት እስራኤል ነቲ ስምምዕ ኣመልኪቱ ዛጊት ዝኾነ ሓበሬታ ኣይሃበን ዘሎ።



እስራኤል ኣብ ሊባኖስ ብዘካየደቶ ሓዱሽ ዙርያ መጥቃዕቲታት፡ ደቂ ኣንስትዮን ቆልዑን ዝርከቡዎም ብውሑዱ 3,912 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 11,699 ሰባት ድማ ቆሲሎም ከም ዘለዉ፡ ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና እታ ሃገር የረድኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ከባቢ 1 ሚልዮን ሰባት በቲ ግጭት ካብ መረበቶም ክመዛበሉ እንከለዉ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ናይታ ሃገር ዝርከብ ብርክት ዝበለ ዓድታት ድማ ምሉእ ብምሉእ ዓንዩን ኣለዋ - ብመሰረት ጸብጻባት።

## ኒጀር - ብሽበራዊ መጥቃዕቲ 13 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ከተማ ኒያሚ - ኒጀር ብዝተኻየደ ንመዓርፎ ነፈርቲን መደበር ሓይሊ ኣየርን ዒላማ ዝገበረ ሽበራዊ መጥቃዕቲ፡ ብውሕዱ 13 ሰባት ከም ዝተቐትሉ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ 11 ካብ'ቶም ግዳያት ኣባላት ሰራዊት ክኾኑ እንከለዉ፡ እቶም ዝተረፉ ክልተ ድማ ሰላማውያን ሰባት ምንባሮም ኣሕዲሩ።

ሰራዊት ኒጀር ብዘካየዶ ናይ መልሲ መጥቃዕቲ ስርሒት ድማ፡ 22 ሸበራውያን ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 20 ጥርጡራት ከኣ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣተዉ፡ እቲ ሚኒስትሪ ኣሰዒቡ ገሊጹ።

ምስ ጥሩፍ ጉጅለ ኣልቃዒዳ ምትእስሳር ዘለዎ ሸበራዊ ጉጅለ 'ጀኒም'፡ ነቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ወሲዱሉ ኣሎ።

መንግስቲ ኒጀር፡ ንምንቅስቓስ ሸበራውያንን ምትእትታው ጉጅለውያን ሓይልታትን ንምብዳህ፡ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት - በርኪናፋሶን ማሊን ወተሃደራዊ ሽርክነት ከም ዝመስረተ እዩም ምንጭታት ዝሕብሩ።



ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ፋሚሊ
ፋርማሲ ሰንትራል
ፋርማሲ ተስፋ

ዕለት
20/06/26

ጎደና
ጎደና 195፥6 ከባቢ ባሕቲ መስከረም ፍሬ ቤት መግቢ ሊባኖስ
ጎደና ናቕፋ ቁ.18-20ፊት ከረን ሆቴል
ጎደና ዓሊቴና መረብ 716 ቁ.14 ቀሓውታ

ቁ.ስልኪ
110740
120730
186839

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565